# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.233 | ረቡዕ 29 ግንቦት 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ጒያ ንኩናት - ጒያ ንውድድር!



ገጽ 3
ብሪጣንያ - መንግስቲ ይቕሬታ ዝሓተተሉ ሕክምናዊ ጸብጻብ



ገጽ 4
ገስጋስ ቀጠባዊ ልምዓት ምምሕዳር ከባቢ ምሕላብ



ገጽ 5
ቀመር ህይወት



ገጽ 11
ዲ ማርያ ምስ ሜሲ ክጽንበር እዩ




# ጽምብላት በዓል ናጽነት ኤርትራ - ኣብ ሃገራት ወጻኢ!

ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት ሃገሮም - ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ኤርትራ ኣብ'ታ ሃገር ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም፡ ንምምጻኣን ምዕቃብን ክቡር ዋጋ ዝተኸፍለት ናጽነት፣ ኩሉ'ቲ ንምጽምባእ ኣብ ወሽጢ "ርእሰ ኩሉ ሃገራዊ በዓላትና ዝኾነት ናጽነት ንምኽባር ንዝበቕዕና ሰማእታት - ክብርን ምስጋናን" ድሕሪ ምባል፡ ምስጢር ዓወት



ብኹብ ዝበለ ኣገባብ ጸምቢሎሞ።

ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን - ብ24 ግንቦት፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ 'ስካይላይት ሆቴል' ምዕሩግ ጽምብል ኣካዪዱ።

ወከልቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኣዲስኣበባ ዝመደበርም ኣምባሳደራትን ካልኦት ዲፕሎማስኛታትን፡ ሓለፍትን ኣባላትን ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን፡ ከምኡ'ውን ወከልቲ ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት ድማ ተሳቲፎምሉ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ቀዋሚ ወኪል ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ኣቶ ቢንያም በርሀ፡ "24 ግንቦት፡ 30 ዓመታት ብዘወሰደን ክቡር ዋጋ ዝተኸፍለን ብረታዊ ቃልሲ ናጽነትና ዝረኸብናላ ዕለት ምዃና፣ ኣብ ዝቐጸለ እውን ህላወናን ሓድነትናን ንምውሓስ ዝተሓለፈ ናይ መኸተ ጉዕዞ፣ ፖሊሲ ልምዓትን ዝምድናታት ወጻኢን ካልእን ኣብ ዝምልከት ዝርዝራዊ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ ሃገረ ቐጠር ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣብ ዘካየድዎ ጽምብል ድማ፡ ኣምባሳደር ሃገርን ወጻእን ዝግበር ስነ-ስርዓት ንስለ ክብሩ ዝግበር ምዃኑ ኣረዲኡ።

ተሳተፍቲ በዓል ብወገኖም፡ ናጽነት እተሰኽሞ ሪዚን ሓላፍነት ንምትግባርን ሃገራዊ ረብሓታት ንምቕዋምን ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋጊጾም።

ኤርትራውያን ነበርቲ ኩወይት ብወገኖም - ብ24 ግንቦት ኣብ ዘወደብዎ ብህዝባዊ መሰናድኦ ዝተሰነየ ስነ-ስርዓት፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ሓመድ ያሕያ ሓሊ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዘርኣዮ ሓያል መኸተ፡ ንኹሉ ሽርሕታትን ብደሆታትን መኪቱን ሰዒሩን ናብ ሓደሽ መድረኽ ኣትዩ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሕጂውን እቲ ናይ መኸተ ባህሊ ብዘለዓለ ክቕጽል ኣዘኻኺሩ።

ኣቦመንበር ማሕበረትም ኤርትራውያን ነበርቲ ኩወይት ኣቶ ሳልም ሳፈ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ዘለዎ ክብሪ ብመግለጺ'ቲ ዝኸፈሎ ሪዚን ዋጋ ልዑል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ተኣትዩ ዘሎ መድረኽ ዝሓትቶ ንምምላስ - ከም ማሕበረትም ድልዋት ምዃንናም ኣረጋጊጹ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት፡ ኣብ ከተማ መናማ - ባሕሬን ዝነብሩ ዜጋታት ኣብ ዘካየድዎ በዓል፡ ኣደ-መንበር ማሕበረትም ወ/ሮ ሓዳስ ሓምድ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክብረታቱ ስለዘኸሰ፡ ሃገራዊ መደባት ልምዓት ንምዕዋት እውን ሓድነቶም ዓቢዮም ኣበርክቶኦም ከምዝዕዘዙ ገሊጹ።

ኣብ ኢስታምቡል - ቱርኪ ብ23 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ዝኸሪ ድማ፡ ናይ ክብሪ ቈንስል ኤርትራ ኣቶ ማሕፉዲን ዓብዩልረሺድ፡ እቲ በዓል ኣብ ቱርኪ ናይ ፈለማ ምዃኑ፡ እዚ ከኣ ፍረ ናይ'ቲ ዝሓለፈ ዓመት ዝቖመ ማሕበረ-ኮሞም ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ ብዝበለጸ ኣወዳድባን ትሕዝቶን ንኽበዓል ብዘለዓለ ከምዝሰርሑ ሓቢሩ።

ኣብ ኣቡጃን - ኣይቮሪኮስት ዝነብሩ ኤርትራውያን እውን፡ በዓል ናጽነቶም ብልዑል መዓርግ ከምዝጸምበሉ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሐና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ - ከተማታት ለንደን፡ በርሚንግሃም፡ ማንቸስተር፡ ኒውካስል፡ ኮቨንትሪ፡ ኖቲንግሃም፡ ሊስተር-ሲቲ፡ ካርዲፍ፡ ሚድልስብሮ፡ ሊቨርፑልን ሊድስን ዝነብሩ ዜጋታት ብወገኖም፡ ፍቕርም ንሃገሮምን ጥንፈራኦምን ዝገልጹሉ ከምኡ'ውን ስልጡን ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቑሉ - ብህላውን ሰፋጥበውን መሰናድኣታት ዝደመቐ - ጽምብላት ኣኻዒዶም።

ኣብ ከተማ ለንደን፡ ኣቐዲሙ ብመደብ "ጥንፈራይ ኣንበልብሊ" ዝጀመረ ስነ-ስርዓት፡ ብዙሳትፎ ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ብርክት ዝበሉ ዜጋታትን ዕድመ ዝተጉብረሎም ሰብመዚ መንግስቲ ብሪጣንያ፡ ዲፕሎማሰኛታትን መሓዙት ኤርትራን ኣብ ዝተሳተፍዎ ሓበራዊ ጽምብል፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ፡ ፍሉይነት ናይ ለምዘመን በዓል ብምንጸር እቲ ኣቲናዮ ዘሎና መድረኽ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ንቕድሚት እንኸይደሉ መብጽዓና ንዘለዓለ ወፋይ ስራሕ እነሐድሰሉ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣምባሳደር ብሪጣንያ ኣብ ባሕሬንን ሶርያን ዝነበረ - ፒተር ፎርድ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ዘለዎ ልዑል ክብሪ - መርኣያ ናይ ዝኸፈሎ ሪዚን ዋጋ ከምዝኾነ ገሊጹ - ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ሰላም፡ ቅሳነትን ብልጽግናን ተመንዩ።



# ናይ 'ዮሃና' መልእኽቲ መራሕቲ ሃገራትን ውድባትን ይቕጽል



መራሕቲ ኩወይት፡ ማልታን ኒካራግዋን ከምኡ'ውን ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብምኽንያት መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።


ኣሚር ኩወይት ምሽዓል ኣልኣሕመድ ኣ'ጃብር ኣ'ሳባሕ፡ ፕረዚደንት ማልታ ሚርያም ስፒተሪ ዴቦኖ፡ ፕረዚደንት ኒካራግዋ ዳኒኤል ኦርቴጋ፡ ከምኡ'ውን ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረሽ - ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕናን ኣሳልጦ ስራሕን፣ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ሰላምን ብልጽግናን ተመንዮም።

እቶም መራሕቲ ኣስዒቦም፡ ምስ ኤርትራ ዘሎ ክልተኣዊ ዝምድናታት ናብ ሽርክነታዊ ምትሕብባር ንምምዕባል ዘለዎም ድሌት ገሊጾም።

# ኮሎኔል እማሃጼን ማና (ወዲ-ማና) ተሰዊኡ

ጉዳም ተጋዳላይ ኮሎኔል እማሃጼን ማና ፈደል (ወዲ-ማና)፡ ብ27 ግንቦት ኣብ መበል 71 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ መጋቢት 1975 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ እማሃጼን ማና፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ክፍሊ ታዕሊምን ዞባዊ ሰራዊትን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ዞባዊ ምምሕዳርን ተመዲቡ፡ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምዕቃብ ልኡላውነትን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።



ስውእ ኮሎኔል እማሃጼን ማና፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሸውዓተ ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ትማሊ 28 ግንቦት ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ተሓጋጋዚ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ምምሕዳር ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብምስዋእቲ ተጋዳላይ ኮሎኔል እማሃጼን ማና (ወዲ-ማና) ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ኢሉ።

# ጉያ ንኩናት - ጉያ ንውድድር!

ብስራት ተመስገን

ንዕለት 19 ግንቦት 1991 ዘዘኻኽር ፍጻመ - ኣብ ዕለት 19 ግንቦት 2024። ኣብ'ቲ ቀዳማይ - ኣብ ኣእዳው'ቶም ሻቡ ናይ ኣድ ሰዓት ክሕዙ ዘኽኣሉ ተጋደልቲ ዘተኣሰራ ሰዓታት፡ ናይ በሎ-ዝበጦ ግዜ ክሕብራ ተቓጻጽን ነበራ። ኩሉ ኣጻዋር እውን ናብ ከተማ ደቀምሓረ ኣቕንዑ። ኣፍሲ.ወከፉ ተጋዳላይ ነተን ኣብ ኢድ ሓያሎ ብጾቱ ዝተኣሰራ ሰዓት - እናሻዕ ዝከታተለሉ ዝበረ ግዜ - ዛዞሚ ኩናት ደቀምሓረ።


ተጋ/ወልደሚካኤል ተ/ማርያም (ዕቋር)


ተጋዳሊት ኣበባ ባህታ


ካፒተን ኣብርሃም ብርሃነ (ኣፒፖ)

እነሆ ድማ ሕጂ ድሕሪ 33 ዓመት - ዕለት 19 ግንቦት 2024፡ ንዓኡ ዘዘኻኽር ፍጻመ ተሰሪዑ። ኩለን ኣእጋር ካብ ንእሽቶ ክሳብ ዓቢ - ኣብ ማስመር ውድድር ጉያ ናጽነት ተረኽበ። ኣብ'ቲ ናይ ዝኽሪ ውድድር - ብዙሓት ዕድመ ዝደፍኡ ኣቦታትን ኣደታትን፡ ኣመሓደርትን ስፖርተኛታትን ከምኡ'ውን ህዝቢ ደቀምሓረ ተሳቲፎም። እቲ ደቀምሓረ ናጻ ንምውጻእ ቀጺልካ ናብ ኣስመራ ንምኽኣስ ቀዳሚ 33 ዓመት ዝተኻየደ ኩናት እምበኣር፡ በዘ ዕለት እዚኣ ተዘኪሩ ውዒሉ ኣሎ። ኣብ'ዚ ናይ ጉያ ውድድር ዝተረኽቡ ተጋደልቲ፡ 33 ዓመታት ንድሕሪት ተመሊሶም ዝኸርታቶም ከዕልሉና ኣዘራሪብናዮም ኣለና።

***

"ልክዕ ከም'ዛ ዕለት እዚኣ 19 ግንቦት፡ ልክዕ ከም'ዛ ሰዓት እዚኣ 8:30 ቅድሚ ቐትሪ - ኩላትና ኣብ ማስመር ድፋዕ ደሊዋት ኳንና፡ ኒቲ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቐትሪ ዝጀመር መጥቃዕቲ ንጸበየሉ ዝበርና ግዜ እዩ። ገለኡ ኣብ ድፋዕ ገለ ቅድሚ ድፋዕ ብወተሃደራዊ ምምስሳል ክሻ ተኸዲኑ፡ ህዝቢ ድማ ድሕሪ ድፋዕ ሰንቁ ሒዙ ንመጥቃዕቲ ንጸበየሉ ዝበርና እዋን እዩ። በዓል ኣርፒጂ - ኣርፒጂ ዝፀምረሉ፡ በዓል ታንኪ በማቲታት ዝቐርበሉ ሰዓት። ኮታ ናይ ምቅርራብ ሰዓት ኢልካ ክትገልጾ ትኽእል። እዚ ሎሚ ንገዳየሉ ዘለና ሰዓት፡ ሽዑ ንዓና ናይ ምድላው ግዜ እዩ ነይሩ።

"እዚ ሕጂ በዓል ናጽነት ንምድማቕ ተባዚሉ ተዳልዩ ዘሎ ናይ ጉያ መደብ ማጠቃለሉ ከባቢ ፓርክ ሆቴል እዩ። እቲ ናይ ቅድሚ 33 ዓመታት ታሪኽውን ምስ'ዚ ዘመሳሰል ኣሎዎ። ሽዑ ኣብ ከባቢ እንዳ ሚዛን ብዙሓት ናይ 122 ሞርታር ኣርባዕተ ብጾት ተሰዊኦምና እዮም። ኣብ'ዚ ማጠቓ. 'ጉያ ንበዓል ናጽነት' ክኣ ንሱ እዩ ክቕጀሉ ጸኒሑ። ኣብ'ዚ ተመሳሳሊ ቦታ ፍጻመ፡ ሰለስተ ታንክ ምስ ሰለስተ ረሻሻ ምስ ተጸንበሩና - ሞራልና ክብ ኢሉ ድሕሪኡ መን ከዕግተና ክሳብ ኣስመራ እንበጽሕ።

በዚ ኣጋጣሚ፡ ንሎሚት በዓል ናጽነት ደቀምሓረ፡ ንድሕሪት ተመሊስና ታኽሪ ጅግንነት እንዝክረሉ መደብ ጉያ ናጽነት ብምድላዎም እናኣመስገንኩ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን 'የቐንየልና' እብል።" - ተጋ/ ወልደሚካኤል ተ/ማርያም (ዕቋር)

"ኣብ ግዜ ምሕራር ደቀምሓረ፡ ኣብ'ቲ ግንባር ስለዝበርኩ፡ ብዙሕ ነገር'የ ዝዝክር። ኣብ መጀመርያ መጥቃዕቲ - ከበድ መጉዳእቲ ኣጊዱና። ብጾተይ 'ተሰዊእ እየ' ኢሎም ክቕብሩኒ እናተዳለዉ. እንከለዉ. እየ ተንሲአ። ብሰንኪ'ቲ መውጋእቲ ሰንከለ፡ ሕጂ ከኣ ንዝኽሪ ዛዞሚ ኩናት፡ ንዕለት 19 ግንቦት ሓበራዊ ጉያ ናጽነት ክቶደድ'ዩ ምስ ተባህለ ኩሉ ነገር ከም ሰኣሊ ኮይኑ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ቀጂሉ ኢሉኒ። ሓቦ ገይረ ድማ ምስ ሰኽልናይ ጉዪየ።

"ከም'ቲ ኣብ ግዜ ናጽነት፡ ህዝቢ እንጀራኡን ሰዋኡን ሒዙ ዝተቐበለና፡ ሕጂ'ውን ከምኡ ኮይኑ ተሰማዊኒ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ብዕድመ ንእሽተይ'ኳ እንተነበርኩ፡ ኒሕን ሓሞን ሰንቀይ እየም ነይሮም። ምኽንያቱ፡ ጌና ትሕቲ ዕድመ እንከለኹ፡ መሪር ግፍዒ ናይ ጸላኢ ብዓይነይ ርእየ እየ። ህዝበይ ሓራ ንምውጻእ ብዘዝበል ኤርትራዊ ኒሕ ከኣ ናብ ገድሊ ተበጊሰ።

እዚ ኣብ ዓበይቲን ንኣሽቱን ኤርትራውያን ዝሰረጸ ኒሕ፡ ናጽነት ኣብ ምጉንጻፍ ዓቢ ተራ እዩ ተጻዊቱ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ፡ ንሓይልታት ምክልኻልን መላእ ህዝቢ ኤርትራን፡ እንቋዕ ናብ መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት ኣብጽሓና እብል።" - ተጋ/ት ኣበበ ባህታ

"ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ ክፍለ ሰራዊት 52፡ መራሒ. ሓይሊ. ኮይነ እሰርሕ ነይረ። ኣብ ግንባር ደቀምሓረ፡ ምስ'ቶም ኣብ ቅድሜና ኮይኖም ብኸሻ ተመሳሲሎም ዝበሩ ብጾትና፡ ሰዓትና ማዕረ ገይርና ቃሒናየን ነርና። ብኮቢ. ሰኣብ ከኣ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቐትሪ መጥቃዕቲ ፈኒውና። ነቶም ኣብ ሓለዋ ዝበሩ ጦር ሰራዊት፡ ብዙሕ ከይዛለኽና ኢና ማሪኽናዮም። ማሰኻኸሉት ናይ ፈንጂን መሰዋእቲን ግን ኣጋጢሙና እዩ።

"ኣብ'ቲ ናይ ሽዑ ኣጋጣሚ ብፍሉይ ዝዝክሮ እንተሃልዩ፡ ቅድሚ ክልተ ሰዓት መጥቃዕቲ ምጅማርና፡ በራኽኤል ዝበሃል ብ 'ክቸፋ' ዝፍለጥ መራሒ. ሓይሊ፡ ኒታ ሓዚዋ ዝበረ ሬድዮ ርክብ ጨርቂ እናሰፈያላ እንከሎ፡ እታ ዝሰርሓላ ዝበረ ላማ ድንገት ጨንዲሓቶ። "ሕማቕ ፋል" ብምባል ከኣ ገለጽዎ። ናብ'ታ ብምዕዶ ኮይንና እንርእያ ዝበርና ዝዞብ ዝተባህለት ዓዲ ከምዝደብጽሕ ድማ ክሪሩና። ብወኪዩ "እዚ ሕማቕ ሓሳብ ንጸው በሎ፡ ኣይ በጺሕና እንዳና ግዲ" መሊሰሉ። እንተኾነ፡ ልክዕ ከም'ቲ ዝበሎ - ኣብ ድፋዕ እንከለና ፈንጂ ሃሪምዎ ተሰዊኡ። በቲ ዘጋጠመ ፍጻመ፡ ኣዝዩ እየ ተገሪመን ጉህየን፤ ጌና ሕጂውን ካብ ዝኽሪ ሓሳበይ ዘርስዮ ኣይከኣልኩን።

"ካልእ ሰሩዕ ቁርጺ. ሰብኡት ዘውንን ካብ ብዘረ ኩናማ ዘኸሳ ሳልሕ ዝበሃል መድፍዓጂ ብሬን ነይሩና። ንሱ፡ ጋዴን ምስ ኣተና ኣብ ርእሲ. ጋዴን ዘላ ታባ ኮይኑ እናተዋግአ እንከሎ - ጸላኢ. ኣብ ህድማ እናሃለወ ስለዝዘረመ፡ ካብ ኣሃዱና እቲ ናይ መወዳእታ ሰወእ ኮይኑ። እዚ ከኣ ሓዲ ካብ'ቲ ካብ ዝኽረይ ዘይሃስስ ኣብ ኣፍ-ደገ ናጽነት ዘጋጠመ ጅግንነትን መሰዋእትን ናይ ብጾትና እዩ።

ሕጂ ከኣ ድሕሪ 33 ዓመት ናጽነት ንኸሳ ብደሆታትን ሽርሒታትን ሰገርና ንልምዓት እንገዳለሉን ፍረ ንሓፍሰሉን ግዜ በጺሕና ኣለና'ሞ፡ በዚ ኣጋጣሚ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ የቐንየልና ኣመሓላልፍ።" - ካፒተን ኣብርሃም ብርሃነ (ኣፒፖ)

"ዛዞሚ ኩናት ደቀምሓረ ክካየድ እንከሎ፡ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ እየ ነይረ። ኣብ'ቲ እዋን ከም ኦፕሬተር እሰርሕ ስለዝበርኩ፡ ኩሉ ጸብጻብ ብመንገደይ ይሓልፍ ነይሩ። ደቀምሓረ ሓራ ወጺኣ ምስ ሰማዕኩ፡ ኒታ ሓዚየ ዝበርኩ ካላሽን ንላዕሊ. ኣቕኒዐ ናይ ሓጎስ ተኩሰ። ኢደጻናሕናን ንሕና'ውን ናብ ኣስመራ ስለ ዝዘብጠና፡ ኣብ ከቢ. በዛ ዝበሩ ብዙሓት ጦር-ሰራዊት ማሪኽና ኣስመራ ተቖጻጺርናያ።

ዚ. ሓበራዊ ጉያ ናጽነት ከኣ ጓል 61 ዓመት ኮይነ እዩ ኩሉ ሕሉፍ ታሪኽ ገድሊ. እናዘከርኩ ዝጎየኹ ዘለኹ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ናጽነት ኤርትራ፡ መሰዋእትን ሰንከልናን ከምኡ'ውን ዕድመ ንእሰነት ዝተኸፍሉ ስለዝኾኑ፡ ተራ ናጽነት ከምዝይሃበ ክገልጽ እደሊ። እንቋዕ ናብ'ዚ ክቡር መዓልቲ ናጽነትና ኣብጽሓና እናበልኩ - ንኸሉ ህዝቢ ኤርትራ የቐና እብሎ።" - ተጋ/ት ንግስቲ ኣብርሃ

"ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣብ ከባቢ. ዓዲ'ብዑር እየ ነይረ። ኣብ'ዛ ዕለት ብፍሉይ ዝዝክሮ ከኣ፡ እታ ቀዳመይቲ በማባ ምስ ተተኩሰት፡ ኩሉ ህዝቢ ዘለዎ ሓዙ ደድሕሪና እዩ ተሰሊፉ። እንጣጠያን ጥሕንን እናበጸበጸ ይፅንዓለና፡ ኣቦቐሉን ኣእደጉን ሒዙ ኣጻዋርና እናተሰከመ ኣብ ዝሸድናዮ የሰንቐና ነይሩ። ውጉኣት እናተሰከመ'ውን ቀዳማይ ረድኤት ከም ዝረኽቡ ይገብር ነይሩ።

ከምኡ እናበሉ ክሳብ ኣስመራ እንበጽሕ ካብ እግርና ከይተፈልየ ተጓዒዙ። ስለዚ፡ ህዝቢ ደቀምሓረን ከበቢኣን ንተጋደልቲ ዝበርዎ ደገፍ፡ ሓደ ካብ'ቲ ካብ ኣእምሮይ ዘይሃስስ ዝኽሪ ጅግንነት እዩ።" - ተጋ/ ሰናይ ኪዳነ

"ኣብ'ቲ ሰዓት እቲ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ እየ ነይረ፡ ኣቐዲመ'ውን ኣብ ግንባር ደቀምሓረ ተሳቲፈ. ነይረ እየ። እቲ ብናቕሚ ሰቡን ኣጽዋሩን ብሎጂስቲክስን ክሰዓር ዘኽእል ዘይመስል ዝበረ ሰራዊት ደርግ - ኣሻሽ ኢሉ ዝተሳዕረላ ዕለት ክዝክር ከለኹ፡ ክገልጾ ዘይክእል ሓበን እዩ ዝስምዓኒ።

ህዝቢ ደቀምሓረ ከኣ ኣብ ዛዞሚ ኩናት 1991 ይኹን ኣብ 1978 ግንባር ሰሓርቲ ዝበሮ ኣበርክቶን ተወፋይነትን ኣዝዩ ልዑል እዩ ነይሩ። ሕጂ ደቀምሓረን ከበቢኣን ናጻ ዝወጸኣሉ ዕለት ንምዝካር ኣብ ዝተኻየደ መደብ ጉያ ናጽነት ምስታፈይ እምበኣር - ኩርዓት እዩ ዝስምዓኒ።" - ካፒተን ዘርኡ ኣጽብሃ

"ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣባል ስሊያ ክፍለ ሰራዊት 52 እየ ነይረ። ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቐትሪ መጥቃዕቲ ምስ ጀመረ ቀልጢፍና ናብ ኣሬልባ ኣምሪሕና። ከባቢ. ፍርቂ መዓልቲ ከኣ ብንጣር እስከጆ ናይ ታንኪ. ተወጊኡ። ጸኒሑ መራሒ. ብርጌድና - መንግስቱ ሃይለማርያም ከም ዝሃደመ ይነግረና'ሞ፡ ክገልጾ ዘይክእል ሓጎስ ይስምዓኒ።


ተጋዳሊት ንግስቲ ኣብርሃ


ተጋ/ ሰናይ ኪዳነ


ካፒተን ዘርኡ ኣጽብሃ


ተጋ/ወልዱ ክፍለ

ሕጂ ኒቲ ዝበረ ጅግንነት ንምዝካር ኣብ መደብ ጉያ ናጽነት ምርካበይ ኩርዓት እናተሰመዓኒ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻልን የቐና እብል።" - ተጋ/ ወልዱ ክፍለ




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ብሪጣንያ - መንግስቲ ይቕሬታ ዝሓተተሉ ሕክምናዊ ጸብጻብ

ማዕከናት ዜና ብሪጣንያ ኣብ'ዚ ቕንያት እዚ ከቓልሓኦ ካብ ዝተሰምዓ፤ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዓለም ከም ኣገዳሲ ዜና ክዘርብኦ ዝቐጸላ - ንጸርተታት ዓመታት ከትትዕ ዝጸንሐ ኣብ ናይ ሕክምና ደም ዝተፈጥረ ጌጋ እዩ፡፡ ካብ 1970ታት ክሳዕ መጀመርታ 90ታት - ፍወሳ ዝድልየም ሕሙማት ካብ ዝተዓደለ ደም፡ ንልዕሊ 30 ሽሕ ዝኣኽሉ ብኻልእ ሕማም ከም ዝበከሉ፤ ኣብ'ዚ ቕንያት እዚ መንግስቲ ብሪጣንያ ተኣሚኑስ - የቕሬታ ሓቲቱሉ ኣሎ፡፡

እዚ ተርእዮ እዚ ትምህርቲ ሂቡ ከም ዝሓለፈ፤ እዚ ሕጂ ኣብ ዕደላ ደም ብደረጃ ዓለም ዝረአ ዘሎ ጥንቃቐታት እውን - ካብ'ዚ ተሞክሮታት እዚ ናይ ዝተረኽበ ወጽኢት ምኳኑ እምበኣር ክዝከር ይግባእ፡፡

እቲ ኣብ ዓለም ኣዝራቢ ኮይኑ ዘሎ፣ ንምንታይ ጌጋ ተፈጥረ ዘይኮነስ ብመሰረት ምንጮታት ብሪጣንያ - ኣብ ልዕሊ እቲ ዝተፈጸመ ዝነበረ ኣገባብ ሕክምና ጥርጠራታት እናሃለወ እንከሎ፡ ቁልሕታ ተኣፊግዎ ሸለልትነት ይረአ ምንባሩ ሓደ ምኽንያት እዩ፡፡ እቲ ጌጋ ከም እተፈጥረ ምስ ተፈልጠ፡ ንጸርተታት ዓመታት ዝቐጸለ - ንሓቂ ብሓሶት ንምግልባጥ፡ ዝተበየሉ ሰባት ዝቐረብዎ ጥርዓናት ንምቕባር. . . ክጥበር ዝጸንሐ ፈተነታት እውን ካልእ ምንጪ ዜናታት ኮይኑ ኣሎ፡፡

ኣብታ ሃገር፡ ኣብ ዓለም ምዕቡል ዝበሃል ኣገልግሎት ጥዕና እኳ እንተሃለወ፡ ተሓታትነት ተሰኪሞም ጌጋ ከዕርዩ ዝፍትኑ፡ ዝመሓለሉ ሞያ ዘኽብሩ ክኢላታት ክቃላቐሉ - ክሳዕ ሕጂ ግዜ ምውሳዱ እውን ኣርእስተ-ዕላል ክኸውን ግድን ኮይኑ ኣሎ፡፡

ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ሩሺ ሱናክ፡ እዚ ሓደጋ/ጌጋ እዚ ምስ ተቐልዐ - "ሃገርና ብሪጣንያ ዝተዋረደትላ መዓልቲ" ክብል ዝተሰምዖ ኳ፣ ገሊጹ፡፡ "ሚኒስትሪታትን ትካላትን፡ ኣዝዩ ኣሰካፊን ከቢድ ፍሽለትን ስለዘርኣዩ ወጽኢት ናይ'ቲ ዝተፈጸመ ዘሎ መርመራ ንሃገርና ብሪጣንያ ካብ ማሰረታ ከናውጻ ኣለዎ" ድማ ወሲኹ፡፡

ሩሺ ሱናክ ነቲ 'ዘይፍትሓዊ' ዝበሎ ኩነታት ዓሚቑን ልባውን ይቕሬታ ምስ ሓተተ፡ እቶም ዝተበደሉ ኩሎም ምሉእ ካሕሳ ክወሃቦም ከምዝሽሓ ኣብ ባይቶ ኣረጋጊጹ፡፡

እቲ ብክኢላታት ሕግን ሕክምናን ንሓያሎ ኣዋርሕ ኣብ ዝወሰደ መጽናዕቲ ዝተረኽበ - ልዕሊ 2500 ገጻት ዝሓዘ ወጽኢት ጸብጻብ፤ ኣብ'ዚ ቕንያት እዚ እዩ ንምንጮታት ዜና ተዘርጊሑ፡፡ ክጥበር ዝጸንሐ ተኸታታሊ ጥልመታትን ኣብ ልዕሊ ግዳያትን ስድራቤታቶምን ዝወረደ ሓሰረ-መከራን፡ ኣብ'ቲ ጸብጻብ ሰፊሩ ኣሎ፡፡ ሰበስልጣን መንግስቲ ብሪጣንያ ኣብ 1993 ኣገዳሲቲ ሰነዳት ከም ዘዕነዉ እውን እቲ ጸብጻብ ይጠቅስ፡፡

ግዳያት ከቕርብዎ ብዝጸንሑ ጥርዓናት፡ እቲ ጉዳይ ብትእዛዝ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ተሬሳ መይ - ኣብ 2017 መርማሪት ጉጅለ ቈይማ መጽናዕቲ ከም እተጀመረ ጸብጻብት የረድኣ፡፡ ካብ'ቶም ዝተበከለ ደም ዝወሰዱ ኣስታት 3000 ሰባት፡ ብዙሓት ካብ'ዛ ዓለም ሓሊፎም ከምዝኸዱ፡ ሓያሎ ካልኦት ከኣ ናይ ምሉእ ዕድመ ሕማም ተሰኪሞም ኣብ ናይ እርጋን ዕድመ ዝጸንሑ ምኳኖም ይፍለጥ፡፡ ብህይወት ዝለዉ ግዳያትን ንስድራቤት መወትትን ግዱ፡ ድሕሪ ናይ ኣርባዓ ዓመት መጕተ ኣብ ሩፍታ ዘውደቐ ወጽኢት ተበጺሑ ኣሎ፡፡

ብመሰረት እቲ ጸብጻብ፡ ኣብ'ቲ እዋን ዝሰርሑ ተሓተትቲ ዝተባህሉ ክኢላታትን ሰበስልጣንን ንህዝቢ ክእለ ናብ ዝኽእል ሓደጋ ዝቃልዐ ሸለልትነት ብምፍጻሞም ሓላፍነት ክወስዱ እዮም፡፡ ኣብ'ዚ ግዱ ሓያሎ ካብ ተሓተትቲ ብህይወት እውን ስለዘየለዉ፤ ኣብ'ቲ ልዕሊ 40 ዓመታት ዝወሰደ ክርክር እቲ ጌጋ ኣብ'ቲ ስርዓት ከም ዝኸሰ ይጸቕጥ፡፡






እቲ ዝወጽአ ጸብጻብ፡ ዘይቅቡል ዝበሎ ሓደጋታት ብሰንኪ ሓላፍነት ዝጐደሎ ኣሰራርሓ ከም ዝኸሰ ብምግላጽ፡ ክኢላታት ብዝተበከለ ደምን ናይ ደም ወጽኢትን ቫይረስ ክላገብ ከም ዝኽእል እናፈለጡ - ንሓያሎ ዓመታት እቲ ኣጠራጣሪ ፈውሲ ንሕሙማት ይዕድሉ ምንባሮም የስምረሉ፡፡

ካብ ወጻኢ ሃገራት ናብ ብሪጣንያ ዝኣቱ ዝነበረ ደምን ወጽኢት ደምን፡ ንሓደጋታት ሕማማት ደም ልዑል ናይ ምቅላዕ ተኽእሎ ካብ ዝነበርም እሱራት፡ ውሉፋት ኣደንዛዚ ቀመማት. . . ምኳኑ እቶም ክኢላታት ይፈልጡ ነይሮም እዮም፡፡ ኣብ ከባቢ 1982 ተለጋቢ ደምን ናይ ደም ወጽኢትን ብቫይረስ ክበከል ከም ዝኽእል ይፍለጥ እኳ እንተነበረ፡ ክሳብ መወዳእታ 1986 ግና - እቲ ናይ ምክልኻል ኣገባብ ኣይተጀመረን ዝነበረ፡፡ እቲ ኣገባብ፡ ንሕማማት ጸላም ከቢዱ ናይ ምቅላዕ ተኽእሎታቱ ካብ 70ታት ኣትሒዙ ይፍለጥ ነይሩ፡፡ መርመራ ብምኪያድ ናይ ምክልኻል ኣገባብ እውን ክውሰድ ይኽእል ምንባሩ ዝሕብር እቲ ጸብጻብ - "እቲ ዝተፈጥረ ሓደጋ፡ ሃንደበታዊ ኣይነበረን" ይብል፡፡

ብዘይካ እቲ ሓበሬታ ናይ ምዕባጥ ልምዲ፡ ብግልጺ ናይ ምሕታት ድፍረትን ተሓታትነት ናይ ምውሳድ ፍርሕን ክሕደትን፡ ንሕሙማት ኣብ ሓደጋ ከም ዘውደቐ እቲ ጸብጻብ የረድእ፡፡ "ሕሙማት፡ ብዛዕባ ሕማሞምን ጥዕንኦምን ሓበሬታ ክሰኣን ኣይነበሮን" ዝበል እቲ ጸብጻብ፡ ቁሩብ ኣንፈት ወይ ካልእ ኣማራጺ ምህላው፡ ሓኪም ብውሕሉል ቃላት ንሕሙም ከጕርሕ ተኽእሎታት ከምዝነበረ የረድእ፡፡

መንግስቲ ብዝተፈጸመ ጌጋ ካብ ተኣመነ እምበኣር፡ ክጽዮ ይቕሬታ ምሕታት ንስድራቤት መወትትን ብህይወት ዘለዉን መደቓቕሲ ካሕሳ ምሃብ ኣድላዪ ምኳኑ፡ ብሰፊሑ ዝዝረበሉ ዘሎ እዩ፡፡ እቲ ጉዳይ ብበይቶ ምስ ጸደቐ፡ ክሳብ 10 ቢልዮን ፓውንድ ክስላዕ ከም ዝኽእል ይግመት፡፡

እዚ ብሕጂ ዝወሃብ ካሕሱ ኣብ ርእሲ'ቲ እቲ መጽናዕቲ እናተኻየደ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ንኣስታት 4000 ዝኣኽሉ ግዳያትን ስድራቤታቶምን ንፍሲ-ወከፍ ዝተዋህበ 100 ሽሕ ፓውንድ ከም ዝኾነ ጸብጻብት የረድኡ፡፡

## ናይ ልዕሊ ሓደ ወለዶ ግዜ ዝወሰደ ክርክር ኣብ መዓልቦኡ . . .

ብሪጣንያ፡ ኣብ 70ታት - ተደጋጋሚ ናይ መድመይቲ ጸገም ዝነበሮም ብሕክምና 'ህሞፊሊያክ' ተባሂሎም ዝጽውዑ ሕሙማት ዜጋታታ ንምፍዋስ፡ ካብ ኣመሪካ - ናይ ደም ወጽኢት ብዕድጊ ተእትወሉ ግዜ ነይሩ፡፡


ብተደጋጋሚ መድመይቲ ዝጽገሙ ሰባት ብፍጥረቶም ንዘኹድሎም 'ፋክተር 8 ዝተባህለ ባእታ ክትክእ - እቲ ባእታ ብፍጥረቱ ኣብ ደሙ ካብ ዘለዎ ሰብ ዝተኣከበ ደም ተጻርዩ ይወሃብ፡፡ እቲ ዝተጻረየ 'ፕላዝማ' ዝተባህለ ፈሳሲ - ካብ ኣሽሓት ሰባት ክእከብ ይከኣል፡፡ ኩሎም እቶም ደም ዝለገሱ ጥዑያት ኮይናም፡ ሓደ ካብኦቶም ብቫይረስ ዝተበከለ እንድሕር ኮይኑ፤ ኩሉ እቲ ፕላዝማ ብቲ ቫይረስ ክበከል ግድን እዩ፡፡

እቲ ሻቡ ካብ ኣመሪካ ብጻዎዲ ዝኣቱ ዝነበረ 'ፋክተር 8' ዘለዎ ፈሳሲ፡ ዝተበከለ ክኸውን ከም ዝኽእል እምበኣር - ኣብ'ቲ እዋን ብሰፊሑ ይዕለል ምንባሩ ምንጮታት የረድኡ፡፡ ኣብ ብሪጣንያ ናይ'ቲ ዝተጻረየ ደም ዋሕዲ ስለዝነበረ፡ ኣገልግሎት ሃገራዊ ትካል ጥዕና ናይ'ታ ሃገር፡ ኣብ ኣመሪካ ካብ ዝርከቡ ኣከፋፈልቲ ፋክተር 8 ዘለዎ ፕላዝማ ምዕዳግ ቀጺሉ፡፡ "ኣጠራጣሪ ሓበሬታ ኣብ ዝተዘርግሓሉ ኩነታት፡ ካልእ ኣገባብ ኣተዓዳድላ ፍወሳ ክተየድ ምተኻእለ ነይሩ" ዝበሉ ጸብጻብት ኣለው፡፡ ተቐባሊ ደም ምስ ናይ ካልእ ደም ዘይተሓወሰ - ካብ ሓደ ውልቀሰብ ካብ ዝተለገሰ ደም ፍወሳ እንተዝግበር ነይሩ፤ እቲ ዝበከል ተቐባሊ ኣዝዩ ክውሕድ ምኸኣለ ነይሩ ዝበሉ እውን ኣለው፡፡

ካብ'ዚ ሓሊፉ ህጻናት ብዘይ ፍቓድን ኣፍልጦ ወለድን ክሊኒካዊ ፈተነታት፡ ሓድሽ ኣገባብ ፍወሳታት ይግበረሎም ምንባሩ፡ ብሰንኪ እዚ ተሸከምቲ ናይ ካልእ ሰብ ሕማም ይኾኑ ከምዝነበሩ - ዝወጽኡ ጸብጻብት የረድኡ፡፡ ክሳብ መወዳእታ 1983 ሚኒስትሪ ጥዕና እታ ሃገር፡ ኤች.ኣይ.ቪ. ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብደም ከም ዝመሓላለፍ ዘረጋግጽ "ብቑዕ መረዳእታ" ከምዘየለ ይገልጽ ምንባሩ ጸብጻብት ይሕብሩ፡፡

ብዘይካ ብሪጣንያ ሓያሎ ካልኦት ሃገራት እውን ዜጋታት ብዝበከል ጌጋታት ከም ዝሓለፉ ይፍለጥ እዩ፡፡ ግና፡ ከም ናይ ብሪጣንያ ገይሩ ዝተቓልሐ ዜና የለን፡፡ ፊንላንድ፡ ኣገባብ ፍወሳ ፋክተር 8 ኣብ ጥርጣረ ስለ ዝኣተወ ተቐላጢፉ ከይተቐበለቶ በቲ ናይ ቀደም ኣገባብ ሕክምና ብምቕጻላ፡ ብዝበከለ ዝተለኸመ ሰብ ኣዝዩ ውሑድ እዩ ነይሩ፡፡

ጸርያት ናይ ልግሲ ደም ዝጥበር ተፍትሽ ቅድሚ ብሪጣንያ ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳን ኤሲያን ኣተኣታትየን ስለዝነበራ፡ ብኸላ ናይ ምክልኻል ዝሓሸ ብቕዓት ሐዘን ጸኒሐን፡፡ ኣብቲ ብኸላ ዝተረኽቦ ከም ኣመሪካ ኣብ ዝኣመሰላ ሃገራት ደሙ፡ ሓያል ናይ ሕጊ ሕተቶ ኣልዒሉ ምንባሩ ይፍለጥ፡፡ ደም ዘከፋፍላ ኩባንያታት - ብሚልዮናት ዝቖጸር ካሕሳ ዝኸደያሉ መጋኽኢያታት ይኸፈታ ነይሩ፡፡ ግና ነተን ሓያል መርበባት ንግድን ረብሓን ዘለወን መደቃሊት ዘፍርያ ኩባንያታት ምዕራብ፡ ደፊሩ ዝትቅፍ ማዕከን ዜና ዳርጋ ኣይርከበን፡፡




ኣብ 70ታት፡ ኣርካንሳስ ኣብ ዝተባህለት ክፍለ-ሃገር ኣብ ዝርከብ ቤት ማሕቡስ - "እሱራት ንመኽሰብ" ዝብል እቲ ትካል ገንዘብ ክረኽበሉ ዝኽእል ደም ናይ ምሻጥ መደብ ኣውጺኡ ነይሩ፡፡ እቶም ደም ዝሸጡ እሱራት እውን ገንዘብ ይረኽቡ ነይሮም፡፡ እቶም ነቲ መደብ ዘወሃሃዱን ዘዋፍሩን ትካላት ከኣ፡ ነቲ ዝተኣከበ ደም ናብ ፕላዝማ ኣጻርዮም ኣብ ወሽጢ ሃገር የከፋፍሉ ናብ ወጻኢ ከኣ ብሰደድ ይልእኹ፡፡ እቲ ደም እምበኣር፡ ኣብ ደሞም ረኽሲ ቫይረስ ካብ ዝነበርም እሱራት ብዝተኣከበ ተበኪሉ ምንባሩ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲታት ይሕበር፡፡

እቲ ናብ ሓያሎ ሃገራት ይለኣኽ ምንባሩ ዝነገረሉ መደሃኒት፡ ብዘይካ ኣብ ብሪጣንያ ኣብዩ ከምዝበጽሖ ዝሞገተ ብዙሕ ጸብጻብ የለን፡፡ ዓበይቲ ኣፍረይቲ መድሃኒት ትካላት ግና፡ ነቲ ፈውሲ እናሰሓባ ብሰደድ ይልእኻ ምንባረን ጸብጻብት የረድኡ፡፡ "ቅሉት ደም እሱራት ኣርካንሳስ" እትብል ፊልም እውን ተሓቲማ ምንባራ ይፍለጥ፡፡

እዚ ጸብጻብ እዚ፡ ኣብ ዝተወሰነ ከባቢን ግዜን ተረኣዩ ዝሓለፈ ዛንታ ደኣ'ምበር፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ከም'ዚ ዓይነት ጌጋ ክፍጸም ከም ዘይክእልን፡ ምዕቡል ናይ ዳህሳስን መጻረዪን ኣገባባት ከምዝሎን ክፍለጥ ይግባእ፡፡



# ገስጋስ ቀጠባዊ ልምዓት ምምሕዳር ከባቢ ምሕላብ

ማርታ ክብሮም

ስእሊ. ኣቤል በረኸት

ካብ ከረን ንሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ ቀሩብ ምስ ተገዓዝኩ፡ ብቐደም ተኸተል ሩፍዱ ፍረዳይቡ ኣይባጠን ጊርጊርን ዝበዝሉ ዓድታት ሓሊፍካ ካብ ከረን ከባቢ 43 ኪሎ ሜተር ርሒቓ ንኽትትኩበራ ተበሃጊትን ምቹእ ኩነታት ኣየር ዘለዋን ምሕላብ ትብሃል ዓዲ ትረክብ።



መትኣብሮ ህዝቢ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝተመርኮሰ እዩ። ሩባ ገሉብ ካብ ገሉብ ተበጊሱ፡ ብምሕላብ ሓሊፉ እዩ ናብ ሸዕብ ዝፈሰስ። በዚ ከባቢ ሩባታት ስለ ዝሓልፉ ኣብ ገምገም እቲ ሩባ ዝለምዑ ጀራዲን ኣለው። መሸላ፡ ዕፉን፡ ብልቱግ፡ ገለ ካብቶም ኣብዚ ከባቢ ዝበቝሉ ኣዝርእቲ እዮም። ብጀርዲን ደማ ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣሕምልቲ ከም ኮሚደረ፡ ሰላጣ፡ ድንሽ ይበቝሉ። እንተኾነ ሓመድ እዚ ቦታ ሑጻ ዝበዝሖ ብምዃኑ ኣብ መዳይ ሕርሻ ብዙሕ ክትሰርሓሉ ኣይከኣለትን።

ምሕላብ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን እያ ተመስሪታ። ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ ካብቲ ዝነበረቶ ዝያዳ ዓብያን ተሃኒጻን ትርከብ። ነበርታ ብዘረ ትግረ ጥራይ እዮም። ምምሕዳር ከባቢ ምሕላብ ገርበት፡ ቀረረት፡ ኖረት፡ ጣባ ሓርሼ ዝበሃላ ኣርባዕተ ዓድታት ትጥርንፍ። ብዝሒ ህዝቢ እዛ ምምሕዳር ኣስታት ኣርባዕተ ሽሕ እዩ።

ኣብዛ ምምሕዳር ከባቢ ወላ'ኳ ዲጋታት እንተ ዘይሃለዋ፡ ብጹሓዊ ጸዓት ዝሰርሕ ናይ ትሕተ ባይታዊ ማይ ዒላ ስለ ዘሎ ነበርታ ናይ ማይ ጸገም የብሎምን።

መምህር ሓሰን መሓመድኖዒድ ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ፍረሰላም ምሕላብ ንሽግታት ትምህርቲ ኣብቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣመልኪቱ፡ ቤት ትምህርቲ ፍረሰላም ኣብ 1972 ብዘተዋዓ ደቂ ዓዲ እያ ተመስሪታ። እንተኾነ ንቐሩብ ዓመታት ኣገልግሎት ትምህርቲ ድሕሪ ምሃብ ብሰንኪ ስርዓት ደርግ ተዓጽያ። ድሕሪ ናጽነት ድማ ከም እንደገና ስርሓ ጀሚራ፡ ኣብዚ እዋን ብ6 ክፍልታት እያ ምምሃር ጀሚራ። ስርዓት ደርግ ብዙሕ ክፉላት ስለ ዘጎዓ፡ ድሕሪ ናጽነት ምትዕርራያት ተገይሩላን ቀሩብ ጸኒሓ 4 ክፍልታት ተወሲኹላ። ጸኒሓ ማእከላይ ደረጃ፡ ቀድሚ ክልተ ዓመታት ድማ ካልኣይ ደረጃ ተወሲኹላ። ምጅማር እዛ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ነበርታ ዓቢ መስተረሃዊት እያ ፈጢራ። ምኽንያቱ ተመሃሮ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቶም ወዲኦም ናብ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ደቀምሓረ እዮም ዝኸዱ ነይሮም። ብኡ መጠን ድማ፡ ሰክፍታታት ስድራ ይወሰኽ ነይሩ። ሎሚ ግና ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ማእከል ዓዲ ብምጅማሩ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ካልኣይ ደረጃን ብቕዓት ተመሃሮን ክውሰኽ ክኢሉ ኣሎ። ቀድሚ ሕጂ ብሰንኪ ጸቕጢ ስድራ ናብ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ዘኸዳ ደቂ ኣንስትዮ ዳርጋ ኣይነበራን። እዛ ካልኣይ ደረጃ ካብ ኣይባ፡ ጋድማይ፡ ምሕላብ፡ ቁሩሕን ቢጋሳን ንዝመጽኡ'ውን ተምህር እያ።

ብመንጽር ብቕዓት ክርአ ከሎ ድማ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍረሰላም እተን ዝሓየላን ተወዳደርትን ደቂ ኣንስትዮ እየን። ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ተሳታፍነተን ልዑል ብምዃኑን ትምህርቲ ስለ ዘየቋርጻን ኣብዚ ምምሕዳር ከባቢ ዝርአ መርዓ ትሕቲ ዕድመ የለን።

ብዝሒ ተመሃሮ ናይዛ ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ እትምህር ቤት ትምህርቲ ፍረሰላም ኣስታት 1300 ክኸውን ከሎ፡ ብዝሒ መምህራን ድማ 32 እዩ። ኣብ መባእታ ብቛንቋ ትግረ እያ ተምህር። ብትምህርቲ ዓርዮት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ክፍሊ ዝመሃሩ 156 ተመሃሮ ኣለው። ትምህርቲ ንዓበይቲ ድማ ኣብ ምምሕዳር ከባቢታት ገርበትን ኮጀትን ኣሎ። መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣብዚ ቦታ ቀድሚ ናጽነት እዩ ጀሚሩ፡ ስለዚ ኣብዚ ከባቢ መሃይምነት ዘጥፍኡ ሰብ ዳርጋ የለን።

እዛ ቤት ትምህርቲ ካብ እትህነጽ 50 ዓመት ገይራ ኣላ። ብዘይካ እቲ ዝርአ ርኡይ እርጋንናት ብጠቕላላ 9 መምሃሪ ክፍልታት ጥራይ ስለ ዘለዋ፡ እቲ ዝተረፈ ኣብ ዳስ እያ ተምህር። ቀጺሉ መምህር ሓሰን፡ እታ ቤት ትምህርቲ ሕጽረት ሰድያታት ስለ ዘለዋ ዝበዝሑ ተመሃሮ ኣብ መሬት ኮፍ ኢሎም ክመሃሩ ተገዲዶም ከም ዘለዉን ብዘይካ'ዚ ዳስ ኣብ ግዜ ማይን ንፋስን ንኽትምህረሉ ምቹእ ከም ዘይኮነ ብምግላጽ፡ መንግስቲ ጸገሞም ርእዩ ፍታሕ ክገብረሉ ተላቢዩ።






ነርስ የማን ክፍለገርግሽ ሓላፊ መደበር ጥዕና ምሕላብ ንሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣመልኪቱ፡ እዛ ትካል ጥዕና ንሰለስተ ምምሕዳር ከባቢታት ማለት ኣይባ፡ ቁሩሕ፡ ምሕላብን ንዝመጽኡ ከባቢ 13 ሽሕ ህዝቢ ኣገልግሎት ትህብ። ህዝቢ ኣይባ ናብዚ ትካል ጥዕና መጺኦም ኣገልግሎት ክረኽቡ መገዲ ሰለስተ ሰዓት ብእግሮም ክጓዓዙ ኣለዎም።

እዛ ትካል ጥዕና እትህቦ ኣገልግሎት ምርኣይ ተመላለስቲ ሕሙማት፡ ምዕቃን ጸቕጢ ደም፡ ክታበት ቈልዑ፡ ክንክን ኣደን ህጻንን ቅድምን ድሕርን ሕርሲ እዩ። ኩለን ነበርቲ እዚ ከባቢ ዝኾና ኣዴታት ቀድሚ ሕርሲ ናብዚ ትካል ጥዕና እናመጽኣ ክንክን ይገብራ እየን። ኣብዚ መዳይ ንቕሓት ኣዴታት ክብ ክብል ክኢሉ እዩ። ኣብ ግዜ ሕርሲ'ውን ወላ እተን ካብዚ ትካል ጥዕና ርሒቐን ዝነብራ ኣዴታት ኣብ ትካል ጥዕና ኣብ ዝርከብ መጸበዩ ጥንሳት መጺአን ተጸብየን እየን ዝሓርሳ።

ቀጺሉ ነርስ የማን፡ ኣብዚ ቦታ ዝዘውተር ዝነበረ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ እቲ ዝኸፍአ ደረጃ ምኽንሻብ ከም ዝነበረን ሎሚ ግና ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝጠፍአን ገሊጹ። ከምኡ'ውን ወርሓዊ ናብተን ኣገልግሎት ሕክምና ዘይብለን ዓድታት እናተንቀሳቐሱ ክታበት ስለ ዝህቡ፡ ክታበት ህጻናት ብሚእታዊት ክርአ ከሎ ልዕሊ 100 ሚእታዊት ከም ዝበጽሐን ዘይተኸትበ ህጻን ከም ዘይብሎምን ወሲኹ ኣረዲኡ።

እዛ ትካል ጥዕና ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ሰለስተ ወርሒ መድሃኒት ስለ ዝመጽኣ፡ ኣብዚ ዝርአ ሕጽረት የለን።

ካብዚ ትካል ጥዕና ዝረሓቐ ቦታ ጠቦ ዝበሃል ናይ ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከለዛን እዩ። ነበርቲ ናይዚ ከባቢ ካብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከለዛን ናብዚ ክመጽኡ ይቐርቦም። ናብዚ ክመጽኡ ግና፡ ብእግሮም መንገዲ ሓሙሽተ ሰዓት ክጓዓዙ ኣለዎም።

ኣብዚ መደበር ጥዕና ምሕላብ ሰለስተ ምዱባት ሓካይም ከምኡ'ውን ኣብ ቁሩሕን ኣይባን 2 ኣጋር ሓካይም ኣለው። እዚም ኣባላት መድሃኒት፡ ካብ መደበር ጥዕና ምሕላብ ወሲዶም ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተንቀሳቐሱ እዮም ዝሕክሙን ንሕማስ ናይ ዓዲ ዝገብሩን። እቶም ዝሓመሙ ዜጋታት ልዕሊ ዓቕሞም ምስ ዝኾኑ ድማ ናብ መደበር ጥዕና ምሕላብ ይሰዱዎም። ብዘይካ'ዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓዲ ናይዛ ምምሕዳር ከባቢ ከም ኣብ ከባቢ ማሃዳን፡ ዓሌሉ፡ ኖረት፡ ኣይባን ምሕላብን ናይ ዓሶን ቲቢን ወኪልቲ ጥዕና ኣለው።

ቀጺሉ ነርስ የማን፡ ኣብዚ ትካል ጥዕና ከም ብድሆ ዝርአ እርጋን ሕክምናን ሕጽረት ኣባላትን ብምዃኑ መንግስቲ ኣቓልቦ ክገብረሉ ተላቢዩ።

ኣቶ ኣደም መሓመድ ኑር ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ምሕላብ ድማ፡ ምምሕዳር ከባቢ ምሕላብ መጉዓዝያን ኤለክትሪክሲቲን ስለ ዘይብላ ጸገሞም ርእዮም ፍታሕ ክገብረሉ ተማሕጺኑ።

# መደብ መግቢ ብስራሕ

ሎሚ ሓደ ካብቲ መንግስቲ ዘተኣታተዎ 'መግቢ ብስራሕ' ዝብል መደብ እዩ። እዚ ሜላ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘተኩረ ኮይኑ፡ ብህዝቢ ዝዕመም ድማ እዩ። ካብዚ ህዝቢ ክልተ ረብሓታት እዮም ዝረኽቡ፡ ቀዳማይ መሬቶም ብእምንን ሓመድን ገደርም ብምዝላይ ካብ ፍግረ መሬት ክከላኸሉን ብትሕቲ ባይታዊ ማይ ክሀብትሙን ክለዉ. እቲ ካልኣይ ድማ፡ እቲ ካብ መንግስቲ ዝረኽብዎ ናይ እኽሊ ድጎማ እዩ። ህዝቢ ዝ ኩሉ ኣብ ግምት ብምእታው ብንቕሓትን ተወፋይነትን እዩ ዝሰርሕ ዘሎ።

ብስራሕ ናብ ንኡስ ዞባ ገሉብ ኣብ ዝተንቀሳቐስናሉ፡ ንግሆ ቀድሚ ጸሓይ ብራቕ ነበርቲ እዚ ሓውሲ ከተማ ኣብ ወሰን ዓዶም ኣብ ዝርከብ ታብልንጂ ዝበሃል ቦታ ወደም፡ ጓሎም፡ ሰበኣዮም ሰበይቶም ተገዲሞም ብትግሃት ኣብ ምዕቃብ ሓመድ ዘተኩረ ማእቶታዊ ንጥፈታት ክካየዱ ጸንሑና።

ኣብቲ ማእቶታዊ ንጥፈታት ካብ ዝሳተፍ ዝነበረ ተጋዳላይ ሱሌማን ዓብዱሩሕማን ንኽንታት እቲ ማእቶታዊ ንጥፈታት ኣመልኪቱ፡ እዚ ንጥፈት ብዙሕ ጥቕምታት እዩ ዘለዎ። መጀመርታ ወላ ንቲ ብዕድመ ቀሩብ ዕብይ ዝበለ ሰብ ኣብ ከንዲ ኣብ ገዛ ዝውዕል ናይ ስራሕ ዕድል ፈጢሩሉ ኣሎ። ስለዚ መሬቱ ከደላድል ይውዕል ኣሎ። እዚ ማእቶታዊ ንጥፈታት መዓልታዊ ንኣርባዕተ ሰዓታት ዝስራሕ እዩ። ሓደ ሰብ መዓልታዊ ሸዱሽተ ሜተር ዛላ እዩ ዝዛሎ። ዕላማ እዚ ንጥፈት ሓመድ ናብ ዘይድልዩ ቦታ ከይከይድ ምክልኻል እዩ። ብሓፈሻ ጸቡቕ ዕማም እዩ ዝዕመም ዘሎ። ኣብዚ ቦታ ኣይከኣልን ወይ ከቢድ እዩ ዝበሃል የለን። ስለዚ ኣብ መወዳእታ ማይን ሓመድን ዓቂቦካ ሕርሻዊ ኣታዊታትካ ብምዕባይ ናብራኻ ምምሕያሽ እዩ። እዚ ንስድራ ስውኣት'ውን ሓጊዙ እዩ። ምኽንያቱ ወላ ንዕኦም'ውን ናይ ስራሕ ዕድል ክፈጥረሎም ክኢሉ ኣሎ። ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ'ውን ከምቲ ኣብ ሜዳ ዝነበረ እዩ። ማዕረ ማዕረና እየን ዝሰርሓ ዘለዋ። ኣብ መወዳእታ ተጋዳላይ ሱሌማን፡ ህዝቢ ንጥቕሙ ምዃኑ ተረዲኡ ካብዚ ዘለዎ ኣበርክቶ ክሰርሕ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ።

ቀጺላ ወይዘሮ ሉተኣምላኽ ጉበረመስቀል ንኽንታት እቲ ልምዓታዊ ንጥፈት ኣመልኪታ፡ እዚ ልምዓታዊ መደብ ብስሩዕ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ከም ዝጀመረን ብጽቡቕ ድማ ይሰላሰል ከም ዘሎን ድሕሪ ምግላጽ፡ እተን ደቂ ኣንስትዮ'ውን ማዕረ ማዕሪኦም ኣብ ጎድኒ ኣሓተን ደቂ ተባዕትዮ ኮይነን ይሰርሓ ከም ዘለዋን መሬተን እናኣለምዓ ተጠቀምቲ ይኾና ከም ዘለዋን ኣረዲኣ።





# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

ታሸዓይ ክፋል

## ቀመር ህይወት

**“ሓጉስ ዝበሃል እቲ ትሓስቦ፡ እትዛረቦን እትገብሮን ክሳብ እንክሎ እዩ።” - ማህተማ ጋንዲ**

**“ኣብ እዛ ህሞት ተሓጎስ። እዛ ህሞት ህይወትካ እያ።” - ዖማር ኻያም**

ኣብ ሓደ ሃገር፡ ሓደ ኣመና ሕጉስ መንእሰይ ነይሩ። ናይ እዚ መንእሰይ ብፍሉይ ሕጉስ ምኳኑ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝነብሩ ሰባት የስተብህልሉ ኣይነበሩን። ሓደ ሊቕ ስነ ልቦና ግዱ ቀልጢፉ ኣቕሊቡሉ። ክንዲ ዝኾኑ ምስጢር ሓጎሱ እንታይ ከም ዝኾነ ሓቲትዎ።

ወዮ መንእሰይ ከኣ “ኣነ ወዲ 11 ዓመት ኣብ ዝነበርኩሉ፡ ህያብ ሓጎስ ካብ ፈጣሪ ተቐቢለ። ኣብ እቲ ግዜ እቲ፡ ብሽክለታ እናዘወርኩ እንከለኹ፡ ሓያል ህቦብላ ንፋስ መጺኡ ካብ ብሽክለታይ ኣውዲቑ ኣብ ጸርግያ ሰጢሑኒ። ሓንቲ ዓባይ ናይ ጽዕነት ማኪን ኸኣ ብኣንጻር ኣንፈተይ ከም ንፋስ ተሓንበበ ትመጽእ ነይራ። እታ ማኪና ብዘይንሕስየ ሓምቲላትኒ ሓሊፋ። ብኽልቲኡ ንብኡ ክልተ ኣእጋረይ ተቖሪጸን።

“ኣብ እቲ ጸርግያ ተዘርጊሐ ብሕሰም ቃንዛ እናተለለኹ እንከለኹ፡ ዝተረፈ ዕምረይ ብዘይእግሪ ከሕልፎ ምኳነይ ተገንዚበዮ። እዚ ምሕር ዘጨንቕ እዩ። የግዳስ ከቢድ ቅዛት ንኣእጋረይ ክመልስለይ ከም ዘይክእል ተገንዚበ፡ ምእንቲ እዚ ኣብ እታ ተሰጢሐላ ዘነበርኩ ጸርግያ ኩይ፡ ንዝኽ ህይወተይ ብቕዛት ከየኽና ክም ዘይብለይ ወሲነ።

“ወለደይ ናብ እቲ ዝደቀስኩሉ ሆስፒታል ምስ መጹ፡ ምሕር ሰንበደምን ጉህዩምን። ኣነ ግዱ “ደሮ ነቲ ዝወረደኒ ሓደጋ ብጹጋ ተቐቢለዮ ኣለኹ። ንስኻትኩም እውን እዚ ክውንነት ክትቅበልዎ ኣለኩም።” ኢለ ከጸናንዖም ፈቲኑ።

“ካብ እቲ ግዜ እቲ ጀሚረ፡ ዓርኩ መሓዙተይ ብዘጠቕምን ዘይጠቕምን ክጭሙቑ ኣስተብሂለሎም ኣለኹ። ኣውቶብስ ክትድንጉየኒ እንክላ፡ ኣብ ፈተና ዘዕዎብ ነጥቢ ክረኽቡ እንከለዉ፡ ሓደ ሰብ እንተ ጸሪፍዎም፡ … ብሕርቃን ዝኣክል መግንጣ ኹብደም ክቐረጹ እንከለዉ፡ ኣቕሊበሎም ኣለኹ። የግዳስ ኣነ ንህይወት ጸቢቕ ገይረ እየ ዘስተማቕራ ዘለኹ።

እቲ መንእሰይ ካብ ወዲ 11 ዓመት ቁልዓ እንክሎ ኣትሒዙ፡ ኣብ እቲ ዘይብልካ መዳይ ምትኳር ብኽሉት ጸዓት ጥራይ ከም ዘሰዕብ ንጹረ ጨቢጡ ነይሩ። መፍትሕ ሓጎስ ማለት ከኣ፡ በቲ ዘለካ ባህታ ምርካብ ምኳኑ ጸቢቕ ገይሩ እዩ ተሰቂርዎ።

እዚ ቀሊል እዩ ዝመስል፡ ኣይኮነን ደዩ?

ኩላትና ንሓጉስና ክንጭብጦ ንኽእል ኢና። እሞኸ ደኣ ስለ ምንታይ እዩም ብዙሓት ዘይሕጉሳት ሰባት ዘጋጥሙና? እቲ ቐንዲ ጠንቂ እምበኣር፡ ነቲ ቕሉዕ ኣፍልጦ ብዛዕባ ሓጎስ ስለ ዘይጨበጥዎ እዮም።

ሓጎስ ኩነተ ኣእምሮ እዩ። መብዛሕትኡ ሰብ ንሓጎስ ወጻኢት ዝጨበጥዎን ዝተዓወትሉን እዩም ዝቖጽርዎ፦

* “ሓዳስ ማኪና እንተ ትህልወኒ፡ መላእ ህይወተይ ምተለወጠ ነይሩ።…”
* “ጽቡቕ ስራሕ እንተ ረኺበ፡ ሽው ክዘንን ክሕጎሰን እዩ። …”
* “ንዓይ እትኾውን ቅንዕቲ መጻምዲ እንተ ረኺበ፡ መላእ ዕምረይ ብሓጎስ ክሕልፎ እዩ። …”

እታ ትምኒያ ሓዳስ ማኪና ምስ ረኸብካያ፡ ብኽልቲኡ ንብኡ ብሓጎስ ዝኣክል ሰንሞቕ ትብል ትኸውን። ምልእ መዓልቲ ኣብ ጉድናታት እውን ትዝውራ። ማኪና ብሞገይ ኣይኮነትን እትንቀሳቐስ። ዕናን ዕንዲናን ምስ ጉብረትካ፡ ንእሉቱ ሓጎስካ በኒኑ ናብ ቅዛት እትሽመመሉ ዕድል ውሑድ ኣይኮነን።

ጽቡቕ ስራሕ ምስ ረኸብካ፡ ንግዜኡ ሓጎስ ከም ዝሰምዓካ ፍሉጥ እዩ። ድሕሪ ጸዕሪ ዝሓትት፡ ናይ ብሓቂ ሓጎስ ንኽትረኽብ ከኣ ዕቱብ ጸዕሪ ክተውፍር ፍቓደኛ ክትከውን ይግባእ።

ጌጋ ርድኢት #2፦ “በቲ ዘለኒ ዕጉብን ርወይን እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ንዘይዳ ናይ ምዕዋት ሽውሃተይ ክሽሰር እዩ።”

ሓጎስ ንጸዓትካ ኣየዝሕልፎን እዩ። እኳ ደኣ መሊሱ እዩ ዘሰስኖ!

ንሓደ ሕጉስ ሰብ፡ “ንዓይ ሓንቲ ጃልባ ኣላትኒ። ዓሳ ክገንፍፍ ምሳይ ክትከይድ ትደሊ ዲኻ?” ኢልካ ሕተቶ።



ገለ እዋን ግዱ ንናይ ቀረባ ሓለፍትኻን መሳርሕትኻን ኣብ ምምራር ክትጽመድ ትኽእል ኢኻ።

ንዓኻ እትመስል መጻምዲ ምስ ረኸብካ፡ ከም ዓቢ ትዕድልቲ ወሲድካ ውሸጥኻ ብባህታ ከም ዝምላእ ፍሉጥ እዩ። ጸኒሕካ ግዱ ብጉዳይ ሓዳር፡ እንዳ ሓሞኻ፡ ደቅኻ … ምግርጫው ምስ እተሸስተ፡ ክሳብ ምንባርካ እትጸልእ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

ሓጎስ ፍጻመ ኣይኮነን። ሓጎስ ኩነተ ኣእምሮ እዩ። ንኹሉ ኣብ እዚ ዓለም ዘሎ ሃብቲ ክትግፍጦ ክኢልካ ክሰኻ፡ ገና ኣብ ጭንቀት ክትሽመም ትኽእል ኢኻ። ብመንጽሩ ብተዛማዲ ሒደት ገንዘብ እናሃለወካ፡ ዘይተኣደነ ሓጎስ ክፀስስካ ይኽእል እዩ።

ሊቃውንቲ ከም ዝመኸሩና፡ በቲ ዘለና ነማስዮገን እንተ ደኣ ኼንና፡ ሕጉሳት ኴንና ነዛ ዓለም ብዘየዮጹ ከስተማቕራ ንኽእል ኢና። ዋላ ነቲ ቀሊልን ርዱእን ዝመስለና ነገር ከይተረፈ ብምርካብና ክነማስዮገን ኣለና፦

* “ብህይወት ስለ ዘለኹ ተማስገኑ።”
* “ክርኢ ስለ ዝኽእል ተማስገኑ።”
* “ንመሓውሮይ ክጥቀመሉም ስለ ዝኽእል ተማስገኑ።”
* “ክሓስብ ስለ ዝኽእል ተማስገኑ።”

ሓንሳእ ንጣብዑ ኣደህቡ፡ ምድናቕ ከምኡ እውን ብንቕሓት ነቲ ዘለካ ምድናቕ ምስ መለኽየዮም፡ ካብኡ ከሉ ሻብ ሕጉስ ኴንካ ክትነብር ኢኻ።

ንገሌና ኣብ ጉዕዞ ሓጎስ ጌጋ ርድኢት ኣለና። ንገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ፦

ጌጋ ርድኢት #1፦ “ሓንሳእ ንመሳርሒታት ብኸመይ ሕጉስ ትኸውን ምስ ፈለጥክዮም፡ ብኽልቲኡ ንብኡ ከም ተኣምር ክሰርሓለይ እዩ።”

እቲ ወጽኢት ብቐጻበት ክሰምረልካ ኩቶ ኣይትጽበ። ንሓጎስ ብደረጃ ክልሰ ሓሳብ ጥራይ ተረዲኢካዮ ክሰኻ፡ የግዳስ ኣብ ተግባር ዘይከተውዕሎ ትኽእል ኢኻ።

ግደ ሓቂ፡ ብዙሓት ሰባት ዘይሕጉሳት ኩይናም ብምቾት (comfortable) ክነብሩ ይመርጹ። ከመይሲ ልምዶም ብምቕያሮም ጥራይ ዘይምቹእነት ስለ ዝሰምዖም።

ልክዕ ከም ኩሉ ሓድሽ ክእለት ምምሃር

ንሱ ድማ፡ “ግርም እምበር! ሃየ ንዓናይ!” ክብለካ እዩ።

ሕጂ ድማ ንሓደ ቁዙን ሰብ፡ “ንዓናይ እስከ ብሓባር ዓሳ ንግፈፍ።” በሎ ኢኻ።

ንሱ ግዱ “ምሕር ሰልኪዩኒ እዩ ዘሎ። ምናልባት ጸባሕ ምሳኻ እኸይድ እኸውን። ምናልባት ከማን ክዘንብ እውን እኮ ይኽእል እዩ። …” ክብለካ ይኽእል እዩ።

ሕጉሳት ሰባት ሰብ ምሉእ ጸዓትን ህንጡያትን እዮም። ንሳቶም ክየዕምምዎ ንዘይልዩ ነፍሲ ወከፍ ነገር ዝኸውን እኹል ግዜ የለን።

ጌጋ ርድኢት #3፦ “ሓጎስ ከም ዝማእምኣካ እዩ። ኣነ ኣብ ቅዛት ኽሽመም እንተ ደልየ፡ እዚ ንዓይ መሰለይ (prerogative) እዩ።”

ኣብ ሓደ ጽቡቕ ሃዋህው ናይ ሰንበት ድሕሪ ቀትሪ ኢኻ ዘለኻ እስከ ንበል። ምስ ዓርክ መሓዛትካ፡ ኣብ ሓደ መዘናግዒ ማእከል ክትዘናግዑ ወጺእኩም ኣለኹም።

እቲ ጽቡቕ ሃዋህው ዝጸንሖ ከበባ፡ ሃንደበት ብሓደ መግረሪ ካብ ዓርክ መሓዛትኩም ይብከል። “ነቲ ክንበልዓሉ ኣዳሊናዮ ዝነበርና ፋርኬታ መን እዩ ከየምጽኦ ረሲዕዎ? እዚ ዘምጻእናዮ ዘለና ስፓጌቲ ፓስታ ሕጂ ብኢድና ኣይኮንናን ክንበልዖ! በቃ ከዕርፍ ግዚይ ከይደ ኣለኹ።” እናማረረ ጠንጢንኩም ይዕዘር። ብድሕሪ እዚ፡ እቶም ዝተረፉ ዓርኩመሓዙቱ፡ ኣብ ጽቡቕ ኩነተ ኣእምሮ ኩይናም፡ ብውዕወዕ መንፈስ ነቲ ምዘናግዮም ክቕጽልዎ ይኽእሉዶ?

ኩነተ ኣእምሮኻ ንኻልኣት ሰባት ብኣሉታ ምእንቲ ከይጸሉ፡ ሕጉስ ክትከውን ወይ ሕጉስ ክትመስል ግዴታ ኣሎካ። ንሓጎስ ዓርክ መሓዛትካ ከይትብክል ዝከኣለካ ጥንቃቐ ክትገብር ልቦና እዩ።

ኣብ ዝኾነ ናይ ምዘንጋዕ መደብ ክንሳተፍ እንከለና፡ ኩላትና ተሳተፍቲ ሕጉስ ጌጽ ክርኢ ኢና እንጽዕር። የግዳስ፡ ኣብ ገዛና ምስ ኣባላት ስድራ ኣብ እንህልወሉ እዋንከ? ወይ ሰሩይ ንግሆ ናብ ቤት ጽሕፈትና ወይ ካልእ ቦታ ስራሕ ክንዋፈር እንከለናኸ?

ልክዕ ከም ኣብ ማእከል ጸርግያ ዝተፋሕረ ጉድጓድ፡ ጸዋግ ገጽ እውን ህዝባዊ ስግኣት ክኸውን ይኽእል እዩ። ሕጉስ ምኳን እምበኣር፡ ሓደ ክፋል መርኣያ ብዛዕባ እቶም ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሰባት ዘለና ሓልዮት እዩ።

ንህይወት ከተድንቕ ምጅማር፡ ኣዚኻ ተማስገን ክትብሎም ዝግበኣካ ነገራት እዩ ዘየኻክሮ። ኑየም ተማስገን ክትብሎም ዝግበኣካ ህያባት ወርሒ ምሉእ ኢኻ ክትዝክሮም ዝግባእ። ንኣብነት፡ ክልተ ኣዒንቲ ስለ ዘለዋኻ፡ ምሉእ መሓውር ስለ ዘለዉኻ፡ ውላድ ስለ ዘለዉኻ፡ ጥዑት ስለ ዘሎኻ … ተማስገን ትብል እንተ ኼንካ፡ ሓጎስካ እናዓዘዘ እዩ ዝመጽእ።

መማረርት ወይ መዕዘምዘሚት ኣሞ ኣላትካ እስከ ንበል። ኣብ ዝቐጽል መዓልቲ ክትብጽሓ ኢልካ ክትከይድ እንከለኻ፡ ካብ እቲ ናይ ምምራር ኣመላ ከተውጽኣ ክትህቅን ኣሎካ። ከተዕልላ እንከለኻ ምስ ምሉእ ኣኽብሮት ክኸውን ይግባእ።

“ኣሞይ መዓረይ፡ ሎሚ መዓልቲ ተኻፋሊ ኣሎኺ ክኸውን እየ መጺአ ዘለኹ። የግዳስ ቅድሚ ብሓባር ምግሃይና፡ ሎሚ መዓልቲ ዘጓነፈኪ ሓሙሽተ ባህታ ዝፈጥሩ ነገራት ከተዕልልኒ ትኽእሊዶ?”

“ንዓይ ባህታ ዝበሃል የብለይን።”

“ኣሞይ መዓረይ፡ ሎሚ ንግሆ ቡን ሰቲኺዶ?”

“እወ።”

ንኹሉ ሕቶታትካ ብሓጺር መልሲ እናሃበት ነቲ ዕላል ክይትዓጽወቶ ተጠንቀቕላ። ነቲ ባህታኣ ከም እተቓልዐላ ግበራ። “እቲ ቡን ጥዑምዶ ነይሩ? ወዑይዶ ነይሩ? እቲ ሽታ ቡን ካብ ርሑቕ ቦታ ከይተረፈ ሃንዳፍ ዝበልካዶ ነይሩ? ምስ ሰተኽዮ ፍሉይ ጸዓትዶ ሂቡኪ?” (ቀልጢፋ ናብ መረረኣ ክትምለስ ስለ እትደሊ፡ ሓጺር መልሲ ሂባ ክትቁርጸካ ትኽእል እያ።…)

“ሕራይ፡ እቲ ቡን ጥዑም ነይሩ። እወ፡ ጽቡቕ ነይሩ።”

“ግርም ኣሞይ መዓረይ! በሊ ሕጂ ኸኣ ካልኦት ኣርባዕተ ባህታ ዝፈጥሩልኪ ዘርዝርለይ ኢኺ።”

“ካልእ ተወሳኺ ባህታ ዝፈጠረለይ እሞ የብለይን።”

“ንግሆ ካብ ድቃስኪ ምስ ተበራበርኪ፡ ባዕልኺ ገጽኪ ተሓጺብኪዶ? እሞኸ ጥዑምዶ ነይሩ? ዝሕልዶ ኣለኪ? ጽቡቕ ገይሩዶ ኣበራቢሩኪ?”

“እወ ተሓጺበ፡ ብሓቂ ኸኣ ጽቡቕ ገይሩ እዩ ኣበራቢሩኒ።”

በዘቕሩብ እቲ ተጻዊት ዝጸንሓካ ገጻ ክበርህ እንክሎ ከተስተውዕሎ ትኽእል ኢኻ። ካልእ ባህታ ክፈጥረላ ዝኽእል ጸጋ ድማ ኣዘኻኽራ። ሓሙሽተ ባህታ ዝፈጥሩላ ባህታታት ምስ ኣዘኻኸርካያ፡ እቲ ናይ ምምራር ኣመላ ቀስ ብቐስ ክጉድል ክጅምር እዩ።

ብሓቂ ኣብዚ መዳይ ንምስራሕ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምሸት ምስ በዓልቲ ቤትካ ኮፍ ኢልካ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ኣሂን ምሂን ተበሃሃሉ። እወ ኣብታ መዓልቲ ብውሕዱ ብዛዕባ ንኽልቲኹም ባህታ ዝፈጠረትልኩም ሓንቲ ጉዳይ ተመያየጡ። ብውሕዱ፡ ንበዓልቲ ቤትካ ጽቡቕ ገይርካ ሕጉስቲ ከም እትገብራ ዝኸፍተ ዕድል ኣሎኻ።

እዚ ልምዲ ናብ መላእ ኣባላት ስድራ ቤትካ ከም ዝልሕም ግበሮ፡ ከም ወጽኢቱ ደቅኻ እውን ንመዓልታዊ ባህታኦም ከድንቑ ክጅምሩ እዮም።

ብድሕሪ እዚ ናብ ዝያዳ ዝተራቐቐ ልምምድ ሕለፍ። ንኣሰታት ሓደ ሰዓት ዝኣክል፡ ኑየም ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ዘጋጠሙኻ ጽቡቓት ነገራት ኣብ ወረቐት ኣብ ምምዝጋብ ኣትኩረን።

መብዛሕትኦም ሰባት ኣብ እተን ቀዳሞት 15 ደቓይቕ ብናህሪ እዮም ንባህታኦም ኣብ ወረቐት ዘስፍርዎ። ኣብ እተን ዝቕጽላ 15 ደቓይቕ፡ እታ በሮ ዘበም ክትብል ትጅምር። ካብኡ ዝቕጽላ 15 ደቓይቕ ንኽትጽሕፍ ምሕር ዝጸንክረ ይኸውን። የግዳስ ዘሎን ዘየሎን ሓይልኻ እንተ ተጠቒምካ፡ ኣብ መዓልቡኡ ክተብጽሖ ትኽእል ኢኻ። እምበር እተን ናይ መወዳእታ 15 ደቓይቕ፡ ዓቕልኻ ዝፈታትና ምኳነን ዘኩሓድ ኣይኮነን።

ሓንሳእ እቲ ዝርዝር ምስ ተጠርነፈ፡ መዓልታዊ ሓደ ተወሳኺ ባህታ ዝፈጥር ነገር ወሰኽ።

ሓይሊ ናይ እዚ ልምምድ ንጹር እዩ፤ ንሽኻ ብዛዕባ ህሉዋት ታሕጓስ ዘምጽኡ ነገራትካ ንቑሕ ክትከውን ኣለካ፤ ምእንቲ ነቲ ናጻኻ ገጹ ዝመጽእ ዘሎ ሓድሽ ታሕጓስ ዝፈጥር ጉዳይ ክተድንቖ።

ንኽእለታትካ ናይ ብሓቂ ንኽትሰሕሎም ከምኡ እውን ናይ ‘ምድናቕ ክኢላ’ ንኽትከውን፡ ኑየም ዝርዝራትካ ብመሰረት ቀዳምነታት ስርዓዮም። ኣየናይ እዩ ዝያዳ ጠቓሚ፦

* ኣእዳውካዶ ኣእጋርካ?
* ኣዒንትኻዶ ኣእዛንካ?
* ስምዒት ምስትምቓርካዶ ስምዒት ምድህሳስካ?

ንነፍሲ ወከፍ ባህታ ምዝጽጻር፡ ንረቂቕ ሸነኽ ነፍሲ ወከፍ ባህታኻ ንክተጸዓርዮ ይድርኸካ። ብዓይነት ጥራይ ዘይኮኑ ዋላ ብቑጽሪ ክንደይ ግዜ እቲ ባህታ ከም ዘጋጥመካ ንኽትፈልጦ የኽእለካ።

እዚ ልምምድ ሰዓብ፡ መዓልታዊ ድማ ስርሓሉ። ከም ወጽኢቱ ምስጋናኻ ዕበዩ ክቕጽል እዩ። ንሓዋሩ ነቕ ዘይብል መሰረት ሓጎስ ከኣ ክትሃንጽ ኢኻ።

ኣብ እዚ ክዝከሩ ዝግበኦም ቀንዲ ነጥብታት፦

* ሓጎስ ኣብ ህይወት ጸዓትን ሓይልን እዩ።
* ኣብ እቲ ዘለካ ምስ እተደሃብ፡ ሕጉስ ክትከውን ኢኻ። ብመንጽሩ፡ ኣብ እቲ ዘይብልካ ምስ እተደሃብ፡ ብጻሒ ጣዕ ክትብል ኢኻ።
* ሕጉስ ኣብ ህይወት ሽቶ ኣይኮነን። ምእንቲ ንዓቕምኻ ብምልኣት ክትጥቀመሉ፡ ንወሽጣዊ ጸዓትካ እትብርብረሉ መንገዲ እዩ።
* ሕጉሳት ሰባት ጥዑያት፡ ትሰፋዎት ከምኡ እውን ዝያዳ ደራኺ ሓይሊ ንዓወት ዘለዎም እዮም።
* ሓጎስ ኣብ ‘ኩነተ ሓወሲ-ቅዛት’ ምንባር ኣይኮነን። ፍርቂ ህይወት እኮ ናብራ ኣይኮነን።
* ሓጎስ ኣብ ውሽጢ ምቅጽጻርካ እዩ። ንሓጎስካ ዘይትቈጻጸሮ እንተ ኼንካ፡ ጊላ ስምዒታትካ ኴንካ ኢኻ እትነብር።
* ሓጎስ ዲሲፕሊን ወሳኽነትን ኣብርቲዕካ ምስራሕን ይጠልብ።
* ሓጎስ ፍጻመ ኣይኮነን። ሕጉስ ኪጋጥመካ ኣይትጽበ፡ ተበግሶ ወሲድካ ባዕልኻ ፍጠሮ።

**“ኣብ ዝኸደኻዮ ፍቕሪ ዘርግሕ። ናጥካ ንዘቕረበ ሰብ ዝያዳ ሕጉስ ገይርካ ኣፋንዎ።” - ማዘር ተሬዛ**

**“ተግባር ኩሉ ግዜ ሓጎስ ዘዕሚጽእ ይኸውን ይኽእል። የግዳስ ብዘይ ተግባር፡ ሓጎስ ዝበሃል የለን።” - ዊልያም ጀምስ**

ይቕጽል

# ጸጋታት ባሕሪ

## ተፈጥሮኣዊ ጽባቐ ደሴት “ኡም-መኪማን”

ፍስሃ ተኽለወይኒ



መለኽያ ኣብ ደሴት ኡም-መኪማን

ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ካብ ራስ ቁሳር ክሳብ ራስዱሜራ 1300 ኪ.ሜ ዝርገሐ ኣለዎ። ልዕሊ 350 ደሴታት ድማ ይርከቦ። ካብዘአን እተን ዓሰርተ ህዝቢ ዝነብረለን እየን። መብዝሕትአን ካልኦት ደሴታት ግን ቀዋሚ ተቐማጢ ህዝቢ የብለንን። ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ሰለስተ ክፋላት ማለት ሰሜን፡ ማእከላይን ደቡብን ሸነኽ ከፈልካ ክረአ ይካኣል። እተን ዝበዝሓ ደሴታት ኣብ ማእከላይ ክፋል ባሕርና ዝርከብ ኮይነን፡ እኩባት ደሴታት ዳህለክ ተባሂለን ድማ ብጥርናፍ ይጽውዓ። እተን ዝተረፋ ከኣ ኣብ ሰሜንን ደቡብን ማያት ቀይሕ ባሕርና ይርከባ።

ኣብ ባሕሪ ዝርከብ ባህርያዊ ጸጋታትን ኩነታት ኣየርን ከም ኩቡዲ ኣደም ዝፈልጥዎ፡ ልምዳውያን ገፈፍቲ ዓሳ ጥራይ እዮም እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ብልምዳውያን ገፈፍቲ ዓሳ ዝቐደድ ንጥፈታት ምግፋፍ ኣብ ግዜ ለዩቲ ኮይኑ፡ ኣብ ከባቢ ደሴት ኮይናም'ዮም ስርሖት ግፋ ዘሰላስሉ። ብዘወሻኺ ማዕበል ኣብ ዘጋጥሞም እዋን ኣብ ደሴት ይጽግዑን የዕርፉን። ስለዚ ብዛዕባ ባሕርን ደሴታትን ዝግበር ዳህሳሳዊ መጽናዕትን ሱዳን ምስ ልምዳውያን ገፈፍቲ ዓሳ ክትወፍርን ክትውከሰን ግድነት ይኸውን። እምበኣር ክቡራት ኣንበብቲ፡ ምስ ልምዳውያን ገፈፍቲ ዓሳ ብስራሕ ናብ ባሕሪ ኣብ ዝወፈርናሉ ዝተዓዘብናዮ ዘደንቕ ጽባቐ ደሴት ኡም-መኪማን ንሎሚ ከላልየኩም።

“ኡም-መኪማን” ደሴት ኮይና፡ ብልምዳዊ ኣጸዋውዓ ገፈፍቲ ዓሳ ዝተዋህበ ስም እዩ። ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ናይ’ዛ ደሴት፡ ካብ ደሴት-ኖራ ንሸነኽ ምዕራብ ኣስታት 17 ኖቲካል ማይል (30 ኪሎሜትር)፣ ካብ ደሴት-ድሓል ንሸነኽ ሰሜን፡ ካብ ደሴት ሓራት ድማ ንሸነኽ ምብራቕ ርሒቓ እትርከብ ተበጊት ደሴት እያ። ብሳትላይት (GPS) ክትርአ እንከላ ከኣ ኣብ ኣንፈት 16 03.035’N፡ 39 45. 612’E ትርከብ። ብዕበየታ ዳርጋ ምስተን ማእከሎት ደሴታት ቀይሕ ባሕርና ክትምደብ ትኽእል። ብሸነኽ ምብራቕ እዛ ደሴት ጸሃያይ ባሕርን ኣኻውሕ ዕምባቡታት ባሕርን ከምኡ’ውን ብዙርያእ ሱጓብ-ደምጺ ዘለዎ ዝየፍር ማዕበልን ጸሩይ ጥምጥምን ትውንን። ኣብ’ዛ ደሴት ንግራኺ ትርኢታ ዘወቅብ ምቹእን ጸሩይን ሐጻ ዘለዎ ጀላቡ ከዕቶን ዝኽእል ገምገም ኣለዎ። ብራኸ እዛ ደሴት ብዛርፋፍ ገምጋም ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ሜትሮ ልዕሊ ጸፍሒ ባሕሪ ኮይና፡ እቲ ዝወሐ ክፋል ንውሓታ ኣስታት 1000 ሜትሮ ይበጽሕ። ሓፈሻዊ እዛ ደሴት ብዕበየታን ሓፃላይ ብምኳናን ምስ ደሴት ሸኽሰዒድ (ባጽዕ) ትመሳሰል። ዝበፈሐ ገማግማ ናይ’ዛ ደሴት ሐጻ ኮይኑ፡ ኣብቲ ማእከላይ ቦታ ግን ፍልይ ዝበለ ሓመድ ኣለዎ።

ኣብ’ዛ ደሴት ቅድሚ ምብጽሕካ ኣብ ኣስታት ክልተ ኪሎ ሜትር ርሒቕት ኮይንካ ምስ እትዕዘብ፡ ኣዝዩ ልምዑቲ ጀርዲን ኮይና ትርኣየካ። ናብ ከባቢኣ ምስ እትቐርብ ከኣ ንምርኣዩ ደስ ዘብል ደሙቕ ቀጠልያ ሕብሪ ዝውንን ኣትክልቲ ትዕዘብ። እቲ ትርኢት ምስ ደበናታት ወቕቲ ክረምቲ ገማግም ባሕሪ ተወሲኹዎ፡ ደረት ተፈጥሮኣዊ ጽባቐኣ እናዓዘዘ ይኸይድ።

ትዕድልቲ ባህርያዊ ጽባቐ ደሴት ኡም-መኪማን፡ ብሓደ ሸነኻ ዝርከብ ደንደስ ንቕድሚት ምስ ኣተኻ፡ ብዕብዪ ዝበሉ ኣግራብን ካልኦት ኣትክልትን መሰለኹ ዘይብሉ ዕመር ጫካ ኣለዋ። ቁሩብ ንቕድሚት ናብ’ቲ ወሽመጥ ምስ እትግዓዝ፡ ጽብብ ዝበለ መሳገሪ ዝመስል ሰጣሕ ቃልዕ ጉልጎል ትረክብ። ዝበፈሐ ከባቢኣ ብዘተፈላለየ ዓይነት ሳዕርን ገረብን ንእግርኻ መሕለፊ ክትረኽበሉ ዘይትኽእል ዱር ዝተሸፈነት እያ። ደሴታትና ናይ ጨው ተጻዋርነት ዘለዎም ዝተፈላለዩ ኣግራብን ሳዕርን ዘለወን ክኾና እንከለዋ፡ ኣብ’ዛ ደሴት ግን ሓመዳ ፍልይ ዝበለ ብምኳኑ፡ ብዙሕ ዓይነት ሳዕሪ-ማዕሪ፡ ቀልቋል ዝመስል ኣግራብን (halophyte) ገረብ ዓዳይን ብዙሒ ይርከብዋ።

ንሸነኽ ምዕራብን ሰሜንን ናይዛ ደሴት፡ ብፍሉይ ምስ ኣብ ከቦሳን ምዕራባዊ ቀላን ሃገርና ዘመሳሰል ባህርያዊ ሓፃላ ኣለዋ። ንሱ ከኣ ብሸታሚናዊ ትሕዝቶ ዝፍለጥ ሓፃላ መለኽያ ምስ ካልእ ዓይነት ሳዕሪ ተሓዊሱ ንረኽቦ። ካብቲ ሓፈሻዊ ትዕዝብቲ ብቐሊ ናይ’ዚ ኣሕምልቲ ምስ እንርኢ፡ ገለ ፈርዩ ነቒጹ ገለ ከኣ ንኣሽቱ ውልዶ ቆጽልን ዕምባባን ዝበጽሐ ነይሩ። ካብዚ ዝተበገሰ ትዕዝብቲ፡ ኣብ’ዛ ደሴት ኣብ እትጸግዐሉ እዋን ምስቲ ኣቓዲምካ ኣብ ከባቢኣ ዝተዓዘብካዮ ክሊማ ከተዛምዶ እንከለኻ ዳርጋ ናይ በዩና ክልተ ወቕቲ ዘለዋ ኮይኑ’ዩ ዝስመዓካ። እቶም ኣብ ከባቢኣ ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ ዘካይዱ ልምዳውያን ገፈፍቲ ዓሳ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ዓይነት ኣሕምልቲ ከምዘለዋ ኣቐዲሞም ኣፍልጦ’ኳ እንተነበሮም፡ ኩሎም ግን ኣይሓለኑን ክሳብ ክንደይ ጻዕቂ ናይ’ቲ ኣሕምልቲ ከምዘሎ ዝፈልጡ። ሓምሊ መለኽያ፡ ንስለታዊ መግቢ ልምዳውያን ገፈፍቲ ዓሳ ዝሕግዝ ትሕዝቶ ስለዘለዎ፡ ኣገዳስነት ናይ’ዛ ደሴት ዕዙዝ ይገብሮ። ስለዚ ኣብ’ዛ ንእሽቶ ደሴት ንመድሃኒት፡ ንመግቢ፡ ሰብን እንስሳን ዝውዕል ኣትክልቲ ይርከብ። ኣብ ባሕሪ ዝርከብ ደሴታት ግን፡ ብዜይካ ንኣሽቱ ቆጥቋጥ፡ ገለኣን ድማ ዓበይቲ ኣግራብን ሳዕርን ክርከበን ከለዋ፡ ደሴት ኡም-መኪማን ግን ኣገደስቲ ኣትክልቲ፡ ኣሕምልትን ሳዕሪ-ማዕርን ይርከብ።

ኣብ’ዛ ደሴት፡ ብዙሒ ዋላ ኣይኹን’ምበር፡ ተመራመርቲ ሰብቀመም ከም መድሃኒት ጸረ ደቀቕቲ ታህዋስያን (ጸረ ባክተርያን ቫይረስን) ከም ዝጠቅም ዝገልጽዎ ኣትክልቲ ሓላሊፉ ይርከብ’ዩ። ንኣብነት፡ ብልምዲ “ቀልቋል” ተባሂሉ ዝጽዋዕ ካብ ዓሌት ጨው ዝጻወሩ ኣትክልቲ (ሃሎፋይት) ኣለዋ። እዚም ኣትክልቲ ኣብ መሬት እንከለዉ ብዙሒ ጨናፍር ብምውጻእ ኣስታት ሓደ ሜትሮ ቁመት ኣለዎም። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ዓይነት ኣትክልቲ ብተፈጥሮኦም ማይ ስለዝዕቅቡ፡ ኣብ ግዜ ደርቂ ብቐለሉ ብዋሕዲ ማይ ኣይጥቅዑን እዮም። ካብ ገፈፍቲ ዓሳ ብዝተረኽበ ሓበሬታ፡ እዞም ኣትክልቲ ክልተ ዓሌታት ከምዝፍለጡ’ዮም ዝገልጹ። ገሊኦም ጸቡዝመስል ጻዕዳ ፈሳሲ ዘውጽኡ ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም ካልኦት ድማ ናይ ዕረፈሳሲ ዝመስል ማያዊ ሕብሪ ዘለዎ የውጽኡ። ከም ባህላዊ መድሃኒት እናገልገሉ ከኣ፡ ሕማማት ይፍወሱን ናይ ምሕዋይ ተኽእሎ የርእዩ። ኣፈዋውሳ ባህላዊ መድሃኒት፡ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ እናዛየደ ስለዝኸይድ ዘሎ፡ ዕምቈ ዝበለ ሳይንሳዊ መጽናዕቲ ዘድልዮ እዩ። ገረብ ዓዳይ ሓደ ካብቶም ኣብ መብዝሕትኦም ከባቢታት ሃገርና ንመጸረዩ ኣስናን ከም መወጽ እንጥቀመሉ ኮይኑ፡ ኣብ’ዛ ደሴት ብዙሒ ግርማ ሂብዋ ዝርከብ ዓይነት ተኽሊ እዩ።

ንዝበዝሓ ደሴታት ሃገርና ኣሰምዮተን ዳርጋ ኣይንፈልጠንን ኢና ክበሃል ይካኣል። ዋ’ውን እቶም ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝርከቡ ህዝብና እንተኾኑ፡ ነተን ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ ዘካይዱለን ከባቢታት’ዮም ብኣካባቢያዊ መጸውዒ ዝሰምየወን። ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስትን መሻርኽትን ብምትሕብባር፡ ኣብ መብዝሕትአን ደሴታት ሃገርና ብፍላይ ኣብተን ህዝቢ ዝቕመጠለን ከባቢታትን ዓበይቲ ደሴታትን ንባህርያዊ ጸጋታተንን ተፈጥሮኣዊ ጽባቐአንን ዝምልከት ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ ክጥቀስ ዝኽኣል ኣገዳሲ ሓበሬታታት ክእከብ ጸኒሑን ኣሎን። ንጸጋታት ባሕርና ኣብ መዓልታዊ ህዝብናን ኣብ ዕብየት ሃገራዊ ቁጠባን ብልዑል ደረጃ ንኽንጥቀመሉ ከኣ ጻዕርታት ይቕየድ ኣሎ። ዝ ከኣ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ብመገዲ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝተፈላለዩ ጻዕርታት ኣብ ምግባራን ቀጻልነት ዘውሕስ ዘላቒ ምዝመዛ ንምትእትታውን ይሰርሓሉ ኣሎ።


ኣብ ባሕሪ ካብ ጸጋታት ዓሳን ጸሀያይን ሳዕርን ባሕሪ ሓሊፉ፡ መለኽያ ክትረክብ ኣይትጸበዮን ኢኻ። ምኽንያቱ እዚ ዓይነት ሓምሊ ብዝያዳ ኣብ ከቦሳታትን ምዕራባዊ ቆላታትን ሃገርና፡ ምስ ክሊማን ጨዋም መሬት ናይ ባሕርን ተሳንዩ ክበቍል ኢልካ ዝግመት ስለዘይኮነ። እቲ ዝግበር ዘሎ ዳህሳስን ምርምርን እናሰፈሐን እናማዕበለን ምስ ዝኸይድ፡ ካልኦት ደሴታት ሃገርና ካብ ኡም-ሞኪማን ንላዕሊ ዝተፈላለዩ ጸጋታትን ጽባቐን ክህልወን ከምዝኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብሓፈሻ ግን ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ሃገርናን ደሴታቱን ዝተፈላለዩ ጸጋታትን ሃብታም ትሕዝቶን ዘውንን ምዃኑ ርዱእ’ዩ። ስለ’ዚ ብፍላይ ብንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ ዝነብር ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝርከብ ሕብረተሰብና፡ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ባህርያዊ ሃብቲ ክሕልውን ክጥቀምን ይግባእ። ብፍላይ ኣብ ደሴታት ዝነብር ህዝብና ኣብ ዙርያኡ ዘሎ ጸጋታት ብቐዳምነት ክፈልጦን ብውሕሉል ኣገባብ ክጥቀመሉን ኣገዳሲ እዩ።




ማእከላይ ቦታ ኡም-መኪማን



መለኽያ ንመግቢ እናተዳለወ




ደሴት ኡም-መኪማን

ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ተዘክሮ ናጽነት

*10 ግንቦት 2016*

*10:15 ቅ.ቐ.*

ትምህርቲ ናይ ንግሆ ብምንባረይ ጥራውዝተይ ተኹልኩለ ናብ ትምህርተይ ነቐልኩ። ቤት ትምህርትና ቤት ትምህርቲ ጅግኖች፡ ናይ ሎሚ ቤት ትምህርቲ ሓመድ እድሪስ ዓዋተ'ዩ ነይሩ። መሬት ከም ቀደሙ ኣማን'ዩ ዘሎ፣ ምኽንያቱ ዝጽበዮ ሓድሽ ነገር የለን። እንትርፎ ሰዓት ከይኣክል'ሞ ኣቦይ ባሻይ ካንሸሎ ቤት ትምህርቲ ከይዓጽውኒ እንተ ዘይኲይኑ። ኣብ ከባቢ ሰታዮ ምስ በጻሕኩ ግን፡ ዓበይቲ ሰባት ዘብዘብ እናበሉ ኣንጻር ጉዕዞይ ክሓልፉኒ ጀመሩ። እንታይ ኰይኖም'ዮም ግን ዝኾኑ ኣፍልጦ ኣይነበረንን። ስለዝኾነ ድማ ጉዕዞይ ቀጸልኩ። ንሰታዮ ሕልፍ ምስ በልኩ ግን ሓደ ነዊሕ መንእሰይ ጽዑቕ ጭሕሚ ዘሎዎ ብምናተይ ሒዙ ደው ኣበለኒ።

"ናበይ ትኸይድ ኣለኻ?" ሓተተኒ ንኸባቢኡ ኣተኩሩ እናጠመተ። ናበይ ምዃነይ በቲ ተኸዲነዮ ዝነበርኩ ዩኒፎርም ክፈልጦ ኣምበይ ምተሸገረን። ኣብ ሎሚ ኲይነ ክመዝኖ እንከለኹ ፍርሒ ወይ ሰግኣት ነይሩዎ።

"ናብ ትምህርቲ።"

"ሎሚ ትምህርቲ ስለ ዘየለ ናብ ገዛኻ ተመለስ። ገዛ ምስ ኣተኻ ድማ ከይትወጽእ" ብምባል ብኣእዳወይ ሒዙ ናብ ድሕሪት ምሳይ ተመልሰ። ክሳብ ቤት ትምህርቲ እንዳ ሰላሴ ሒዙኒ ምስ ተመልሰ፡ ናብ ዕዳጋ ሓሙስ ኣበለ። ገዛ ምስ ኣተኹ፡ ሰብ ዝበሃል ኣይጸንሓንን። ንበይነይ ኮፍ ኢለ ንኣደይ ወይ ዓበይቲ ኣሕዋተይ ብተርባጽ ክጽበዮም ጀመርኩ። እንተኾነ ዝመጽእ ሰብ ተሳእነ። ትጽቢተይ ምስ ተጸንቀቐ ናብ መተዓቢተይ ኣበልኩ።



"ተጋደልቲ ኣትዮም፡" በሉኒ ብሓባር።

"ንኺድ ንርኣዮም… ከመይ ይመስሉ'ባ ይኾኑ?" በልኩዎም። ተጋደልቲ ከመይ ይመስሉ ካብ ኵሎም ዝፈልጥ ኣይነበረን። ተጋደልቲ ክንርኢ ብምባል ድማ ኣባሻውል በጻሕና። ኣብቲ ጉደና ኣደታት፡ ኣቦታት፡ ዓበይቲ መንእሰያት፡ ደድሕሪ እተን ተጋደልቲ ዝጻዓና ታንኪታት እናዘለሉ ይጭድሩ።

*"ፎርቶ!*

*ባንዴራ ኤረይ ተሰቒላቶ"*

ክብሉ ጸንሑና። ንሕና ድማ ምስኦም ኣብ ዝላልን ምጭዳርን ኣተና። በታ ንግሆ ዘወጻእናያ፡ እኽሊ ከይለኸፍና፡ ክሳዕ ጸሓይ ዕራርቦ "ሆ" ክንብል ወዓልና። መሬት ዓይኒ ሒዙ ናብ ገዛውትና ተመለስና። ገዛና ምስ ኣተኹ፡ መንፈስ ወለደይን ዓበይቲ ኣሕዋተይን ተቐይሩኒ፣ ብሩሃትን ፍሕሹዋትን ኰኖም ጸንሑኒ። ዘይከም ቅድሚ ሕጂ "ኣበይ ውዒልካ?" እናተባሃልኩ ኣይተዋጠርኩን፡ ኣይተሃረምኩን፡ ኣይተቛየቖኩን። ኣብዛ መዓልቲ ናጽነተይ ኣወጅኩ።

ንጽብሒቱ መሬት ምስ ወግሐት ክንዘልል ናብ ሹቕ ኢና ኬድና። ብእኡ ኣቢልና ባሕቲ-መስከረም ምስ በጻሕና፡ ሓደ ጸሊም ኣድጊ ወተሃደራዊ ቁቢዕ ዝተኸድና ኣብ ማእከል መንእሰያት ረኣናዮ። እቶም መንሰያትን ዓበይትን፡

*"መንጌ ወዲ ኣመተ*

*ከይዱ ከይተዓወተ!"*

እናበሉ ኣሰር-ኣሰር እቲ ጸሊም ኣድጊ ክዘሉ ምስ ረኣና ደድሕሪኦም ኣተና። ብጉደና ሓርነት ኣቢልና ብዘብዘብ እናጨደርና ክንኰልል ወዓልና። ጭርጭር ዓበደ እናተጻወትና ናብ ገዛውትና ገጽና ተመለስና። ቤት ማእሰርቲ ካርሸሊ፡ ሎሚ ካልኣይ መደበር ፖሊስ፡ እቲ ዘፍርሓና ዝነበረ ገዛ፡ ማዕጾኡ ጋሕ ኢሉ ተኸፊቱ ጸንሓና'ሞ ናብ ውሽጢ ኣተና። ኵልና ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ከም ብተይ እናነጠርና ክንጻወት ጀመርና። ኣብ መንጎኡ ሓደ መተዓቢቲና "ሸጉጥ ረኺበ… ሸጉጥ ረኺበ" እናበለ ወጽአ። ሸጉጥ ትቐትል ምዃና ንፈልጥ ነይርና ኢና። ግን ናይ ቍልዕነት ድዩ ዋላስ ዘይለበምና ኴንና፡ በብሓደ ሓሓንቲ ጥይት ናብ መንደቕ ገጽና ክንትኵስ ጀመርና። ሽዑ ንስሕቑ፡ ንዘልል፡ ንብኣስ፡ "ኣነ'የ፡ ሪጋይ'ዩ፡ " እናበልና መንደቕ ናይቲ ቤት ማእሰርቲ ፍሕርሕር ኣበልናዮ። ሃንደበት ዘይተጸበናዮም ክልተ ጅብጆብ ዝጸጉሮም ተጋደልቲ ውትፍ በሉና። መጀመርታ ሰንበድና። ንኹልና ኰብኲቦም ኣብ ሓደ ክፍሊ ብምውሳድ መርመሩና፣ ኣጠንቀቑና ድማ። ኣማሲኡ ሳልሳይ ዓለም ጸባን ፕሮቲንን ብምሃብ ከብድና ጥንቕ ኣቢሎም ኣፋነውና።

ኮኾብ ተኸስተ - ሜካ-74

## መን ዝበዝሐ ሰዓመ

*20 ግንቦት 2024*

ቅነ ናጽነት 1991፡ ክሳዕ ንዓመትኡ፡ ኣብ ገዛውትና ዝነበርና ቈልዑ ዓቢ ውድድር ነበረና። መንደፈራ ናጻ ካብ ትወጽእ፡ ናብ ቲቦን ፎርቶን ምስ ተጋደልቲ እናተኳዓዝና ኣይረኸብናዮን። ስድራኦም ክርእዩ በብሓደ ክመጽኡ ኣብ ዝጀመርሉ ግን መን ዝያዳ ተጋደልቲ ሰዓመ ውድድር ተጀሚሩ። ኣነ፡ ቢኒ፡ ዚጡን ኣሕመድን ከኣ ማዕረ ሽሸሞንተ ተጋደልቲ ሰዒምና ነበርና።

ብኣጋጣሚ ዚጡ ሓደ ዘመዱም ተጋዳላይ ረኺቡ። ደድሕሪኡ ክንስዕሞ ዋላ እንተ በልና ኣበየና፣ በዚኣ ኸኣ ብሓደ ተጋዳላይ ዚጡ መርሓና። ዚጡ ካብ ዝመርሕ ካልኣይ ወርሑ ሓለፈ። ድሓር ግን ሓደ ዓቢ ብስራት ተሰምዐ። ስድራኡ ዝርኢ ተጋዳላይ ከም ዝመጽአ ብቶኾስን ዕልልታን ስለ ንፈልጥ ብጉያ ንኸይድ ነበርና። ድሓር ግን ቶኹሲ ስለ ዝተኸልከለ ኣእዛንና ንዕልልታ ኰር ምስ በላ'የን። ሽዑ ዝሰማዕኩዎ ዕልልታ ድማ ናይ ኣደይ ክብራ ነበረ፣ ማእከል ካንሸሎና! ኣሰይ! ኣለም ጓል'ደይ ክብራ!

ካንሸሎ ተኣኪቡ፡ ኵሉ ሰብ ተሳዒሙ ወደአ። ኣነ ኸኣ ኣብዚ ኣእጋራ ከም እምንቲ ድሙ ሕስይስይ እንተ በልኩ'ኳ ከተድህበለይ ኣይከኣለትን። ክሰዓም ከለኹ ዝርእዩ መሰኻኽር ዋላ እንተ መጽኡ፡ ኣለም ምርኣይ ኣብያትኒ። ውድድርና ኸኣ ዚጡ ተዓወተሉ። ንኣለም ዋላ ኻልእ እዋን ሰዒመያ ኣይፈልጥን። ኲርየ'ንድየ!

ጃምቦ - ኣስመራ

## ቅነ ናጽነት ዘፈልፍሎ...

*18 ግንቦት 2023*

*10:19 ቅ.ቐ.*

ኣስመራ ሓራ ክትወጽእ እንከላ፡ ዓመተይ ክመልእ ቀሪበ ነይረ። ኣብ ዘዝመጽእት መዓልቲ ናጽነት ኵሉ ግዜ ኣብ ልሳን ገዛና ኣለኹ። 24 ግንቦት 1991 ዘይድምሰስ መዘከርታ'ያ ገዲፋትለይ።

ኣብታ መዓልቲ ገዛና ኵሎም ነይሮም። ከም ቀደሞም ብንግሆኡ ተንሲኦም ቈሪሶም። ካብ ገዛ ክወጽኡ ኣይሓሰቡን። ብቐደሙ'ውን ንግሆ ናይ ምትሳእ ልምዲ'ዩ ዘለና። ክሳብ ሕጂ ብንግሆኡ ኢና እንትስእ። ኣብ ዓራት ደቂሱ ዘራፍድ ጥዕና ዝሰኣነ ጥራይ እዩ። ሽዑ ግን ጓል ዓመት ስለ ዝነበርኩ፡ ኣብ ዓራት ጥንልዒት ደቂሰ እጠቡ ነበርኩ።

ብኽንያቱ ባባን ኣዕሩኽቱን ሕቱኹቱኹ ከብዝሑ ምኽናዮም የሻቕላ ምንባሩ ምንባሩ ማማ ተዕልል'ያ። መቸም ድሕሪ ምትሓዝ ባጽዕ፡ ተተሓቢእካ ድምጺ ሓፋሽ ምስማዕ ኣመና ጊኑ ምንባሩ ሕክያ ኣለኒ። ገዛና ምሓድሕዱ ዝተሓላለፍ መዓጾ ዘለዎ ብዝሕ ዝበለ ክፍልታት ስለ ዝነበሮ፡ ኣዕሩኽ ባባ ኣጸሙው ኣቢሎም ገዛና ምምላስ ልማዶም ገይሮሞ ነበሩ። ኣብ ካንሸሎና'ውን በይንና ንቕመጥ ምንባርና ዝያዳ የቕስኖም ነበረ።

ሓሙስ ምሸት፡ ካብ ካልኦት መዓልታት ብዝተፈልየት ኵሎም ኣዕሩኽ ባባ ካብ ገዛና ቀልጢፎም'ዮም ከይዶም። ባባ ንኹሎም ኣሕዋተይ



ካብ ገዛ ከይወጽኡ ኣጊዱዎም ኣምሲዩ። ብዘይ ንሱ'ውን ኣምሰይቲ ኣይነበሩን። ዋላ እታ ኣብ ኣፍደገ ኰይኖም ዘዕሉልዋ ከልኪሎም። ድሕሪ ናጽነት ባባ ብዙሕ ኣይጸንሐን ተፈልዩና እምበር፡ 'ባባስ ኢድ ነይሩዎ እምበር ከመይ ኢሉ ኣቐዲሙ ይፈልጥ፡' እናበሉ ኣሕዋተይ ንማማ ክሓቱዋ ካብ ቈልዓይ ዝሰምዖ ዝነበርኩ ዘረባ'ዩ። ብዝኾነ ዓርቢ ኰይና፡ ማማ ኣብ ዓራት ተጋዲማ ተጥቡበኒ ነይራ።

ዓርቢ ንግሆ፡ ገዛና ኣስመራ ናጻ ኰይና ምስ ሰመዐ፡ ኵሎም ንደገ ነፊጾም። ማማ ጡባ ካብዛ ኣፊይ መዝሒቓ ጠንጢናትኒ ዕዝር! ዝዝክረኒ ስኢነ። ኣብታ ካንሸሎ ብዘይካይ ካልእ ፍጡር ኣይነበረን። መጀመርታ በኺየ እኸውን። ዝእብደኒ ምስ ሰኣንኩ ከኣ ኢደይ ምጥባዉ ጀሚረ ይኸውን።

ማማ ድሕሪት ዝገደፈታ እግሪ ዘይተኸለት ዕሸል ኣብ ገዛ በይና ከም ዘላ ዘኪራ ተመሊሳ። ኣነ ከኣ ካብ ዓራት ወዲቐ፡ ብኽያተይ ወዲኤ፡ ደቂሰ ጸኒሐያ። ዝሞትኩ እምበር ብህይወት ዝነበርኩ ኣይመሰላን። ገማጢላ ርእያትኒ፣ ነውኒዋትኒ፣ ቀልጢፈ ኣይተሳእኩን። ኣብ ርእሰይ ደም ምስ ረኣየት ክትጽለል ደልያ። ብግንባረይ'የ ወዲቐ ዝኸውን። ኣብ ግንባረይ ክሳብ ሕጂ ኣሰር ዝገደፈት ትንኳሕ ኣላትኒ።

ወትሩ ኣብ መስትያት ገጸይ እንክርኢ እዛ ዕላል ትዝክረኒ። ኣብ ገጽ ብዘሎ ስምብራት ዕላል እንተ ተላዒሉ፡ ናይ ዝበዝሑ ተባኢሶም ዝተፈግኡ፡ መዓጾ ገዛኦም ዝጨደዶም፡ ክጉዩ ዝወደቑ፡ እናኸዱ ዝተዓንቀፉ፡ ወዘተ. እዮም። እሞ ከኣ ዳርጋ ምስ ዓበዩ ኣብ ቍልዕነቶም እዩ። ናተይ ዕላል ግን ፍልይቲ እያ። መዓልቲ ናጽነት መጽአ ጦብላሕታ ማማ ዝኸውን ኣነ'የ። ኣነ ኸኣ ብእኡ ኣቢለ ናይ ህዝብና ባህጊ ናጽነት ኣብታ ውላዳ ክትሓድግ ዘይከኣላ ኣደይ ርእየዮ።

ጀሚላ ስዒድ

## ሒዝክኒ ብረሪ

ኣስመራ፡ *10*:00 ቅ.ቐ. *12 ግንቦት 2022*



ናፍቖትኪ ኣለኒ መስለኒ። መዓልቲ ናጽነት ክቐርብ እንከሎ ብዙሕ ነገሩ ንዓኺ'ዩ ዘዘክረኒ። ብኣኺ እሓስብ። ሕልፊ ካልእ ግዜ እናፍቐኪ፡ እሃርፈኪ። ሓደ-ሓደ መዓልቲ ሩዐይ ጠቒለለ ከናድየኪ እሓስብ፣ ግን ኣይብገሰን። ሓደ-ሓደ መዓልቲ ምሳይ ዘለኺ ኰይኑ ይስመዓኒ፣ ግን ኣይኣምንን። ሓደ-ሓደ መዓልቲ ውሽጠይ ጥርሑ ዝገበርክዮ ይመስለኒ፣ ግን ከኣ ባዶነት ኣፍርሓኒ። ሓደ-ሓደ መዓልቲ ረኺበኪ ዝዓረፍኩ ኰይኑ ይስመዓኒ፣ ግን ብዘይ ቃልሲ ምንባር የጽልኣኒ። እናፍቐኪ ኣንቲ ናይ በይነይ ርግቢ! ናይ በየነይ ብርሃን! ሒዝክኒ'ባ ብረሪ።

ጀሚላ ስዒድ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ሳራ ባየረ ተስፋዝጊ፡ ዓባየና ኣምለሰት ዘርኣጽየን ስለዘዕረፈት፡ ንኣዴና ነ/ሄር ኣብርሃት ደባስ ባህታ ተክእና 8 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ለተብርሃን ዘርኣይ ወልደሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ሙሴ ኣባነበ ወልደገብርኤል ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሃብቶም የማነ ተኾሙ፡ ኣዴና ሳባ ብሩኖ ለውጂ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓደ ሓወይ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሳሙኤል ተወልደመድህን፡ ወ/ሮ ደማሪካ ግዱ፡ ዳንኤል ተወልደመድህን፡ ወ/ሮ ኣስቴር ግዱ፡ ኣቶ ኣቢል ተወልደመድህን ብመንገዲ ወ/ሮ ጉት ግደ ንፈጸሚ ዝምልከት ምልክታ ኣብ ልዕሌኹም ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ኣብ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ብኣካል ወይ ብመንገዲ ወከል ን25/6/24 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ጉት ገብረስላሴ ግዱ፡ በዓል ቤተይ በርኸት ከፈላ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ከኣ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ መርየም ኣዳም ፍታዊ፡ ብፍ/በ/ማሰል ኣቶ መሓመድ ሳልሕ፡ ናይ ፈጸሚ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ከሳሲ ኣፍም ብርሃ ተስፋሚካኤል፡ ተኸሳሲት ጸጋ መሓሪ በዳሁ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ጸጋይ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ፈሸን ዑቕባዝጊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

መርሃዊ ላይነ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ መርሃዊ ጀበና ኣዲሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሙሴ ገብረማስቀል ዓገብ፡ ኣቦይ ገብረመስቀል ዓገብ ቀለተን ኣዴና ኣብርሀት ወልዱ ዘርኣጋብርን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ስለማዊት ኣብርሃም ሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ተጋ/ተስፋይ ሰለሙን ሰረቐ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተገያርጊስ ተወልደመድህን፡ ስም ኣደይ ኣወጣሽ ካሕሳይ ምባል ተሪፉ፡ ኣወጣሽ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ወደብ ሰዩም ሃብተሚካኤል፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ተኽኣ ገብረእግዚኣብሄር ተወልዱ፡ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን21/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

የዕብዮ በርህ ሓድጉ፡ ኣደይ ምሕረት ገብረትንሳኤ ሕድርየስ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ሳምሶም መሓሪ በራኺ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ዓወት ዘርኣም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን22/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሳባ ክፍለ ገ/ሚካኤል፡ ተኸሳሲ ጋሻው በዞ ተስፋሚካኤል ኣድጎይ፡ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

ከዲጃ መሓመድ ሮመዳን ሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ ከድጃ ሮመዳን ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ከሳሲት በዘነ ገብረሃንስ ሓጎስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣላይ እምባየ ዝሀይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን22/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ቅሳት ሰለሙን ሃብተገብርኤል፡ ወለድና ሰለሙን ሃብተገብርኤልን ኣበበ ቀሺ ሃይለ ያቆብን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ምሕረት ተስፋገርግሽ ተሰሞ፡ ተኸሳሲ ኢያሱ ተኽልዝጊ ኣስበዶም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን4/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲ ወራሲ ኣፍ/ሄር ተወልደ ተስፍኡ፡ ወረ/ፍ ኣብርሃ ተስፋስላሴ፡ መም ተስፋዝጊ ኣብርኡ፡ ተኸሰስቲ 1. ወ/ሮ ኣኽበረት ግርማዝጊ 2. ወረ/ፍ ተወልደ ተስፍኡ 1. ሳባ ኣብርሃ 2.ሃብቶም ኣብርሃ 3.መብራህቱ ተኽለ 4. ኤፍሬም ተኽለ 5.ኣንገሶም ተኽለ 6.ኣዳም ተኽለ 7.ብርኽቲ ተኽለ 8.ክብሮም ተኽለ 9.ሜላት ክብሮም 10. ዩናዳም ክብሮም 11.ናጽነት ገብረትንሳኤ 12.ዮናስ ገብረትንሳኤ 13.ቤተልሄም ገብረትንሳኤ 14.ሰመረ ገብረትንሳኤ 15.ሚካኤል ገብረትንሳኤ 16.ሚልየን ነጋሽ 17.ክብሮም ነጋሽ 18.ተስፋሚካኤል ተስፋስላሴ 19.ሃብተ ገብረማርያም 20.ኣሸብር ማሰፍን 21 ዩኤል ማሰፍን 22.መርሃዊ ገብረስላሴ 23. የውሃንስ ገብረስላሴ 24. ሰናይት ተስፋሚካኤል 25. ሄኖክ ተስፋሚካኤል 26. ሳሚኤል ተስፋሚካኤል 27. መርሃዊ ተስፋሚካኤል 28.ዓወት ተስፋሚካኤል 29.ኪዳን ሃይለ በረህ 30. ሃብቱ ሃይለ 31. ገብረመስቀል ሃይለ 32.ንግስቲ ሃይሉ፡ ናይ ምቅሊት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

ፍሊሞን ዘውደ ሃብተ ምባል ተሪፉ፡ ሄኖክ ዘውደ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትሕተ ዕድመ የርሳሌም ምቁር ብሞግዚታ ተወልደ ተኽለየስ ኣቢሉ፡ ኣደይ ርግኣት ተኽለየስ ተከኤ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ተስፋዝጊ ኣለማ መዃሾ ምባል ተሪፉ፡ ተስፋእዝጊ ኣለም መዃሾ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ራሄል ጽጋብ ደከና ምባል ተሪፉ፡ ፈሩዝ ጽጋብ ደከና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ለምለም ኣብርሃ ተኽሉ፡ ተኸሳሲ ሸናሽ ስልጣን ደሲታ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ለምለም ኣብርሃ በየኑ፡ በዓል ቤተይ ክፍላይ ቴድሮስ ስለዝዐረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ኣቶ ምሩጽ ክፍለየሱስ ሃብቱ፡ ኣደይ ወ/ሮ ለምለም ሚካኤል ኣብርሃም ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ናዝሬት መሉጌታ ጌትነት፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ተስፋኣለም ገብረትንሳኤ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ገብርኤላ ረዳእ ሓዱሽ፡ ገብረየሱስ ሓዱሽ ቴድሮስ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋቱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ ተስፋኣለም የማነ ተስፋሚካኤል፡ ወለደይ የማነ ተስፋሚካኤል ወልዱን ሕርይቲ ማና ኪዳናይን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ኣመልካቲ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓመድያ ሰዒድ ፈጊሕ ምባል ተሪፉ፡ ኣሕመድ ያሲን ፋኪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

እሙና ሳልሕ ዓሊ ማሊክ ምባል ተሪፉ፡ እሙና እድሪስ ዓሊማሊክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ትሕተ ዕድመ ድያና ምስየሽ ንኣምን፡ ብመንገዲ ወላዲታ፡ ድያና ምስየሽ ምባል ተሪፉ፡ ሪም ምስየሽ ንኣምን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ኣምና ደብሳይ ማስመር ምባል ተሪፉ፡ ኣምና ደብሳይ ሓጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



### ምስጋና

ብዕረፍቲ እኑፍቅሮ ሓውና ሃብተ ተኽለማርያም ገብረስላሴ (ጨጎራ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ዘቃበርኩምናን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ዘጸናናዕኩምናን ኩልኹም ቤተሰብን ፈተውትን መተዓብይትን ክብረት ይሃበልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ምስ ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ እኑፍቅሮ ወድና ካሌብ ኤፍሬም ዳዊት ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ስነ ስርዓት ቀብሩ ኣብ ዓዲቀ ዘቃበርኩምናን ናብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋና ነቕርብ፡፡

ወለዱ ኤፍሬም ዳዊት
ሰላማዊት ብእምነት ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ፈልከት ቁ.ገዛ 99 ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00041204 ናይ መሸጣ መጻሕፍትን ናይ ጽሕፈት መሳርሒታትን ትካለይ ንወ/ሮ ምሕረት ገብረስላሴ ሃይሉ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ጎደና 185-1 ቁ.ገዛ ብ130,000.00 ናቕፋ ስለዝሸጥኩላ፡ ብስም ሺያጢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባየ ዝብል ኣካል እንተ ደኣ ሃሊዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ክፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ራህዋ ተኽሉብርሃን እስቲፋኖስ
ሕጋዊ ወከል እንጅ. ኣኽሊሉ ፍትዊ ኢያሱ

Food and Agriculture Organization of the United Nations
GENERAL SERVICE VACANCY ANNOUNCEMENT NO:

Issued on:

Deadline For Application: 07 June, 2024

JOB TITLE: Information Resources Assistant GRADE LEVEL: G-4

DUTY STATION:

ORGANIZATIONAL UNIT: FAO Representation in Eritrea, FRERI DURATION : Fixed term: 2 years, with possibility of extension

POST NUMBER: 0807745

CCOG CODE: 2.1.05

The Food and Agriculture Organization of the United Nations (FAO) contributes to the achievement of the 2030 Agenda through the FAO Strategic Framework by supporting the transformation to MORE efficient, inclusive, resilient and sustainable agrifood systems, for better production, better nutrition, a better environment, and a better life, leaving no one behind.

Organizational Setting
The main objective in the FAO country offices, which are headed by an FAO Representative, is to assist Governments to develop policies, programmes and projects to achieve food security and to reduce hunger and malnutrition, to help develop the agricultural, fisheries and forestry sectors, and to use their environmental and natural resources in a sustainable manner.
The post is located in the FAO Representation in Asmara, Eritrea

Main Purpose
The Information Resources Assistant provides a large variety of standard support functions that contribute to the smooth and effective running of all Information and Communication Technology (ICT), Information Resources and Records Management functions, within the Office.

Supervision Received/Exercised
The Information Resources Assistant (Office Technology coordinator) reports to the Assistant FAO Representative (Administration). He/She receives the technical guidance of the relevant technical Division and/or Office at HQ and in the Regional Office. He/she acts independently in routine matters in line with established policies and procedures. Supervision received is focused on the Office relevant priorities, in particular the meeting of timelines and the quality of support given to clients and ensures learning opportunities.

Working Relationships
The Information Resources Assistant has frequent interaction with staff at all levels within the Office and with HQ relevant offices for selected functions to exchange routine information concerning the entire scope of information resources support.

Key Functions/Results

Information & Communications Technology:
• Act as first point of support in ICT matters, receive, log and monitor requests as per established procedures, responding to ad-hoc queries, and retrieving data.
• Provide 1st and 2nd level support to resolve IT-related issues pertaining to FAO standard equipment; escalate those issues that cannot be solved to the Regional IT Office support IT staff and to the technical team in the IT Division; monitor progress and ensure problem resolution.
• Liaise with external technical support providers, following up on user problems until resolution is achieved.
• Support the operation and use of the office network infrastructure (wired or wireless LANs, routers, firewalls), internet access and network services (file/print services, security, email backups) in accordance with corporate policies established by the IT Division.
• Initiate requests for purchases of hardware and software, according to corporate guidelines and procedures ensuring Regional Office signoff on expenditures and IT Division clearance for non-standard items.

The hiring Office may select a maximum of 6 to 8 key functions relevant to the office needs and the corresponding minimum requirements and technical skills.

Level 1 provides support for received calls from users and solve technical issues if technically able to do so, coordinating responses to/from 2nd level teams and generally managing the users' requests for support in all areas of IT. Examples of activities performed at 1st level are: basic troubleshooting providing information relating to hardware and software models, and existing policies and procedures, basic account management functions, data transfers, drafting of technical documentation and process flows.

Level 2 support builds on Level 1 activities and provides support for incidents or service requests of moderate complexity such as: recommending acquisition of hardware, software, devices, tools; complex software and hardware troubleshooting; maintaining inventories; desktop and laptop deployment and configuration; simple user account administration; website development and updates; configuration and testing of hardware and software; assistance in testing and evaluation of new products and technologies; information systems monitoring and support; and, maintaining information systems such as databases.

• Monitor the Office's Minimum Security Telecommunications Standard (MISTS) compliance and collaborate with other agencies as required.
• Maintain an inventory of computers, peripherals, software, and MISTS equipment; Monitor the Office's Minimum Security Telecommunications Standards and MISTS equipment; ensure its appropriate maintenance, secure handling and storage, and track loaned equipment.

Information Resources and Records Management:
• Act as focal point on all matters pertaining to the information resources, library and records management and liaise with the Office for Corporate Communication at Headquarters as required.
• Process incoming and outgoing correspondence and documentation both electronic and paper based: send, receive, analyze, classify, route, distribute and file correspondence; check the quality of the processes and ensure that all formal requirements are met in compliance with standard procedures.
• Assess and execute the transfer of semi-active records to central archives according to agreed retention schedules and procedures.
• Perform other duties as required.

Impact of work
The incumbent's work impacts on the timely and efficient delivery of IT and/or information resources and records management support services. Actions reflect on the transparency and accountability of the work unit and on the effectiveness and efficiency of programme delivery.

MINIMUM REQUIREMENTS - candidates will be assessed against the following

Education: Secondary school education
Experience: Three years of of relevant experience in user support for Microsoft Windows and Office software in a wide area network environment and / or in registry and information resource management (to be adapted to the needs of the hiring office)
Languages: Working knowledge (Level C) of English, French or Spanish
IT Skills: Experience with computer hardware repair and software configuration. Experience with providing IT support in a networked environment; Experience with MS Exchange and MS Outlook. Equipment procurement, and other related administrative functions.

Core Competencies
• Results Focus
• Teamwork
• Communication
• Building Effective Relationships
• Knowledge Sharing and Continuous Improvement

Technical Skills
• Good knowledge of information technology resources and records management, and related standards.

DESIRABLE QUALIFICATIONS AND SKILLS


• Tact courtesy and ability to establish and maintain effective working relationships with people of different national and cultural backgrounds.
• Limited (knowledge (intermediate-level B) of one of the other working languages of the Organization (Arabic, Chinese, French,, Russian or Spanish)

Application should be submitted in the below link.

https://jobs.fao.org/careersection/fao_external/jobdetail.ftl?job=2401673&tz=GMT%2B03%3A00&tzname=Africa%2FAsmera

Please note that all candidates should adhere to FAO Values of Commitment to FAO, Respect for All and Integrity and Transparency.

FAO IS A NON-SMOKING ENVIRONMENT



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዓንሰባ፡ ዋንጫ ናጽነት ዓቲራ



ብምኽንያት መበል 33 ዓመት ናጽነት፡ 'ውሕስነት ሰላም ብመኸተ' ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ክካየድ ዝጸንሐ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ዋንጫ ናጽነት ከተማ ከረን ብዓወት ክለብ ዓንሰባ ተዛዚሙ።

ኣብቲ ብሰንበት ዝተኻየደ ውድድር፡ ንኣልጋሽ ሰዊራ ዝሓለፈት ኣል-ነስርን ንደንደን ዝሓለፈት ዓንሰባን ተጻዊተን። ዓንሰባ ኣብ መበል 20ን 34ን ደቒቕ ካብ ቢንያም የሴፍ ክልተ ሸቶታት ብምርካብ ንዕረፍቲ 2-ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ እዛ ክለብ ኣብ መበል 57 ደቒቕ ካብ ዘይዳን ሮሞዳን ሳልሰይቲ ሸቶ ወሲኻ፡ ኣል-ነስር፡ ወላ'ኳ ኣብ መበል 71 ደቒቕ ብመንገዲ ዑመር እድሪስ ሸቶ እንተኣመዝገበት፡ ግዜ ብምእካሉ ግን፡ ዓንሰባ 3-ብ1 ተዓዊታ።

ብዚ ወጽኢት፡ ዓንሰባ ዓባይ ዋንጫ፡ ማልያን ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋን ክትሽለም እንከላ፡ ኣል-ነስር ሰለስተ ሽሕ ናቕፋን ማልያን ተሸሊማ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኩዕሶ እግሪ እዛ ከተማ ቀጺሉ ነይሩ። ብዚ መሰረት፡ ክቢ. 05 ምስ ክቢ. 02 ኣብ ዘካየደኦ 1-ብ1 ክወጻ እንከለዋ፡ ክቢ. 04 ንክቢ. 03 - 1-ብ0 ከምዝሰዓረታ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## "ኣብ ማድሪድ እየ ጥሮታ ክወጽእ ዝደሊ" ሞድሪች

በሊሕ ኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ሉካ ሞድሪች፡ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብታ ጋንታ ክውድእ ከምዝደሊ ገሊጹ።

ኣብ 2012 ካብ ቶተንሃም ናብ ማድሪድ ዝተጸምበረ ሞድሪች፡ ኣብዚ እዋን ካብቶም ዝዓበዩ ተጻወትቲ ኤውሮጳ ኮይኑ ይርከብ። እዚ ወዲ 38 ዓመት፡ ኣብዛ ትመጽእ ዘላ ወርሒ ሰኔ ምስ ማድሪድ ዘለዎ ውዕል ዘብቅዕ ኮይኑ፡ ሓዳሽ ስምምዕ ክኹብር ደዩ ወይስ ክወጽእ



ዝብል ዛዕባ ክፉት ኣሎ።

ሞድሪች፡ ትማሊ ብዛዕባ መጻኢኡ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ኣብ ማድሪድ ጥሮታ ክወጽእ ከምዝደሊ ኩሉ ግዜ እየ ዝዛረብ። እንተኾነ፡ እንታይ ኪጋጥም እዩ ንተዓዘብ፡ ሕልመይ ግን ንሱ እዩ። እዚኣ ገዛይ እያ፣ ናይ ሂወተይ ክለብ፡ ከም ቶኒ ክሩስ ኣብዚ ጋንታ እየ ክሩፍና ዝደሊ።" ክብል ባህጉ ገሊጹ።

እዚ ክሮኤሽያዊ ወላ'ኳ መዓስ ጥሮታ ክወጽእ ከምዝደሊ እንተዘይሓበረ፡ ኣብ ዓቢ ሊግ ክጻወት ዘኽእሎ ቁመና ከምዘለዎ ግን ይኣምን። "ኩሉ እትደልዮ ነገር፡ ኩሉ ግዜ ቡቲ ዝደለኻዮ ኣየጋጥመካን እዩ። ኣብዚ ናተይ ዕድመ ከኣ ንነዊሕ ዓመታት ክሓስብ ኣይደልየን እየ። ዕለት ብዕለት፡ ሰሙን ብሰሙን እናሰራሕኩ ከመይ ከምዝኸዱ ክርኢ እየ። እንተኾነ ኣብዚ እዋን ኣካላዊ ብቕዓተይ ጽቡቕ ይስምዓኒ ኣሎ። ርግጸኛ እየ፡ ኣብ ዝለዓለ ሊግ ክጻወት እኽእል እየ።" ኢሉ።

ን10 ዓመታት መላእኽቲ ሞድሪች ዝበረ ቶኒ ክሩስ ድሕሪ ዩሮ 2024 ጫማኡ ክሰቅል ምውሳኑ ይፍለጥ። በዚ ከኣ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ናይ መወዳእታ ናይ ሊግ ጸወታኡ፡ ኣብ ሜዳኦም በርናቡ ናይ ምፍናው ስነስርዓት ተኻይዱሉ። ኣብ 2018 ባሎን ድ'ኦር ዝዓተረ ሞድሪች ከኣ ድሕሪ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ መጻኢኡ ክፍለጥ ምዃኑ ይግለጽ።

ማድሪድ፡ ቀዳም ምሸት ኣብ ሜዳ ዌምብለይ ናይ እንግሊዝ ምስ ቦሩሽያ ዶርትሙንድ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ይጻበዩ።

## ወናኒ ዩናይትድን ኒስን፡ ጉዳይ ሱታፌ ኤውሮፓ ሊግ ብርእሰ ተኣማንነት . . .

ወናኒ ክለባት ማንቸስተር ዩናይትድን ኒስን ዝኾነ ትካል ኢኔዎስ፡ ሱታፌ እዘን ክለባት ኣብ ኤውሮፓ ሊግ መፍትሒ ከምዝረኽበሉ ብርእሰ ተኣማንነት ገሊጹ።

ወናኒ እቲ ትካል ዝኾነ ሰር ጂም ራትክሊፍ፡ ኣብ 2019 ንፈረንሳዊት ክለብ ኒስ ምሉእ ብምሉእ ክገዝኣ እንከሎ፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ታሕሳስ ከኣ ናይ 27.7 ሚእታዊት ብርኪ ካብ ማን ዩናይትድ ክገዝእ ክኢሉ።

ብመሰረት ሕጊ ዩኤፋ፡ ሓደ ትካል፡ ኣብ ሓደ ውድድር ክሳዕ ኣብ ሓንቲ ክለብ ጽልዋ ክህልዎ ኣየፍቅድን እዩ። እዚ ማለት፡ ሓደ ትካል ዝውንነን ክልተ ክለባት፡ ኣብ ሓደ ውድድር ክጻወታ ኣየፍቅድን እዩ። ክልቲአን ኣብ ሓደ ውድድር ክሳተፋ ዘኽእል ደረጃ እንተሓዘን ከኣ እታ ኣብ ናይ ውሽጢ ዓዳ ሊግ ዝተሓተ ደረጃ - ካብታ ተመሳሳሊ ዋንነት ዘለዋ ጋንታ ዝሓዘት፡ ካብቲ ውድድር ክትወጽእ ትቕሰብ፣ ናብ ትሕቲኡ ትወርድ።

ብዚ ከኣ፡ ማን ዩናይትድ ዝ ጉዳይ ፍታሕ እንተዘይረኺቡሉ፡ ካብ ኤውሮፓ ሊግ ናብ ኮንፈረንስ ሊግ ክትወርድ ክትቕሰብ እያ። ዩናይትድ፡ ወላ'ኳ ብዘሓዝዎ ሻሙናይ ደረጃ ኣብ ኤውሮፓ ሊግ ክትሳተፍ ዘይትኽእል እንተነበረት፡ ዝሓለፈ ሰንበት ንማን ሲቲ ኣብ ፍጻመ ኤፍኤ ካፕ ብምስዓራ ግን፡ በዚ ዝተዓወተቶ ዓወት ኣብ ኤውሮፓ ሊግ ናይ ምስታፍ ዕድል ረኺባ ነይራ።

እዚ ናይ ዋንነት ጉዳይ ግን፡ ካብ ምስታፍ ከይክልክላ ተሰጊኡ ኣሎ።




ዩናይትድ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ሻሙኣይቲ ብምሓዛ፡ ኒስ ከኣ፡ ኣብ ሊግ 1 ፈረንሳ ሓሙሻይቲ ብምውዳኣ፡ እቲ ሕጊ ንዩናይትድ እዩ ዝጸልዋ - ፍታሕ እንተዘይተረኺቡዎ።

ይኹን'ምበር፡ ትካል ኢኔዎስ "ምስ ዩኤፋ ቀጥታዊ ዝርርብ ንገብር ኣለና። ዝመጽእ ዓመት ኣብ ኤውሮጳ ዘለዉ መገዲ ከምዝለና ርግጸኛታት ኢና።" ክብል፡ ነዚ ጉዳይ ክፍትሖ ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ።

### እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ቶተንሃም፡ ንቲሞ ቨርነር ተወሳኺ ሓደ ዓመት ብልቓሕ ክትጥቀመሉ፡ ምስ ጋንታኡ ኣር.ቢ. ሌፕዚግ ትዘራረብ ኣላ።

ቶተንሃም፡ ነዚ ኣብ ጥሪ 2024 ብልቓሕ ዘምጸኣቶ ጀርመናዊ፡ ክሳብ ሰነ 2025 ክጽንሕ እያ ደሊያ። እቲ ውድድር ጽቡቕ ገስጋስ የርኢ ምህላዉ ከኣ ይሕበር።

* ብፖርቱጋላዊ ንሮማ ክዕልማ ዝጸንሐ ዳኒኤል ዴ ሮሲ፡ ክሳብ ሰነ 2027 ዝጸንሐ ሓዲሽ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ኣብዚን ዝመጽኣ መዓልታት ክፍርም ምዃኑ ተሓቢሩ።

ዴ ሮሲ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ንዝተባረረ ዓሎሚ (ሞሪኖ) ተኪኡ ክሳብ ምዝዛም እዛ ወቕቲ ክዕልማ መዚኑ ምቕባሉ ይዝከር። ንስቡስልጣን እዛ ጋንታ ዘዕገበ ወጽኢት ብምምዝጋቡ ከኣ፡ ቀዋሚ ናይ ስራሕ ዕድል ተኸፊቱሉ ኣሎ።

## ሮናልዶ፡ ክብረ-ወሰን ሰይሩ

ኣጥቃዓይ ስዑዲዊት ክለብ ኣል-ነስር ክርስቲያኖ ሮናልዶ፡ ሰሉይ ምሸት፡ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ሓደ ክብረ-ወሰን ሰይሩ።

ኣል-ነስር፡ ኑታ ንበዓል ካንተን ፋብናን ዝሓዘት ኣል-ኢቲሓድ 4-ብ2 ዝሰዓረትሉ ጸወታ እዩ፡ ሮናልዶ፡ ንቕድሞት ክልተ ሸቶታት ኣመዝጊቡወን። በዚ ከኣ፡ ኣብዛ ወቕቲ ኣብ 31 ናይ ሊግ ግጥሚያት 35 ሸቶታት ብምቑጻሩ፡ "ኣብ ሓደ ወቕቲ ዝበዝሐ ሸቶታት ዘመዝገበ ተጻዋታይ" ብምዃኑ ንዝጸንሖ ክብረ-ወሰን እቲ ሊግ ሰይርዎ።

እዚ ክብረ-ወሰን፡ ሞሮካዊ ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ኣል-ነስር ኣብደልረዛቕ ሃምዳላህ እዩ፡ ኣብ ዓመተ-ስፖርት 2018-19 - 34 ሸቶታት ብምምዝጋብ ሒዝዎ ጸኒሑ። ምስ ዕድመ ዘይድረት ጌና ሸቶ ናይ ምምዝጋብ ብቕዓት ከም ዘለዎ ኣብ ምርኣይ ዝርከብ ሮናልዶ ግን፡ እዚ ክብረ-ወሰን ኣብ ካልኣይ ዓመቱ ብስሙ ቀይርዎ ኣሎ።

ኣብ ታሕሳስ 2022 ካብ ማን ዩናይትድ ናብዚ ሊግ ዝተጸምበረ እዚ ፖርቱጋላዊ ድንቂ ኣጥቃዓይ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ሰለስተ ሊጋት - ፕሪመር ሊግ፡ ላሊጋን ሰሪኣን ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ኮይኑ ተሸሊሙ ነይሩ። በዚ ከኣ፡ "ኣብ ኣርባዕተ ሊጋት፡ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ናይ ሓደ ወቕቲ ክኸውን ዝኸኣለ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ" ዝብል ክብሪ ረኺቡ ኣሎ። "ንኽብረ-ወሰን ኣይስዕቦን እየ፡ ክብረ-ወሰን እዩ ዝስዕበኒ" ክብል ድማ እዚ ዓወት ገሊጽዎ - ሮናልዶ።

ኣል-ነስር፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ናይ ሊግ ውድድር፡ ድሕሪት ከይተሳዕረት ዋንጫ ዘልዓለት ኣል-ሂላል፡ ካልኣይቲ ኮይና እያ ዛዚማ። ድሕሪ ጽባሕ ዓርቢ ከኣ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ንጉስ ንሓድሕደን ክጻወታ እየን።



## ቸልሲን ማረስካን ተሰማሚዖም

ምስ ፖቸቲኖ ብስምምዕ ድሕሪ ምፍልላያ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ንምፍራም እትሰርሕ ዘላ ቸልሲ፡ ምስ ዓሎሚ ሌስተር ሲቲ ኢንዞ ማረስካ ከምዝተሰማምዑ ተሓቢሩ።

ብመሰረት እሙናት ምንጨታት፡ ማረስካ፡ ብናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል እዩ መንበር ምዕላም ክቕበል ተሰማሚዑ ዘሎ። ቸልሲ፡ ኑቲ ክሳብ 2029 ዝጸንሖ ውዕል እንተደልያ ሓንቲ ዓመት ክትውስኸሉ'ውን ትኽእል እያ።



ቸልሲ፡ ነዚ ዓሎሚ ንምውናኑ ንመፍረሲ ውዕሉ 10 ሚልዮን ፓውንድ ከም ካሕሳ ንሌስተር ሲቲ ክትህብ ክትቅስብ እያ - ብመሰረት ጸብጻባት።

እዚ ወዲ 44 ዓመት ኢጣልያዊ ኣሰልጣኒ፡ ንሌስተር ኣብ ሰነ 2023 ዝተቐበላ ኮይኑ፡ ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ክትከውን፡ ድማይ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ናብ ፕሪመር ሊግ ክትምለስን ኣኽኢሉዋ ኣሎ። ሕጂ ግን ንዓኣ ገዲፉ ንቸልሲ ክዕልማ እዩ ተሰማሚዑ ዘሎ። ማረስካ፡ ኣብ 2022-23 ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ ፔፕ ጓርድዮላ እዩ ነይሩ።

## ግሪንዉድ፡ ዝበለጸ ተጻዋታይ ገታፈ ተባሂሉ

ንዓመተ-ስፖርት 2023-24 ብልቓሕ ምስ እስጳኛዊት ገታፈ ዝተጻወተ ማሶን ግሪንዉድ፡ ናይታ ወቕቲ ዝበለጸ ተጻዋታይ እዛ ጋንታ ተባሂሉ።

ካብ ማን ዩናይትድ ብልቓሕ ዝተሰጋገረ ግሪንዉድ፡ ኣብታ እስጳኛዊት ክለብ ብሉጽ



ብቕዓት ከምዝንጸባረቐ ይሕበር፣ ዓሰርተ ሸቶታት ከመዝገበ እንከሎ፡ ሽዱሽተ ከኣ ሃንደሰ። ከም ወጽኢቱ ቀልቢ ዓበይቲ ጋንታታት ጁቬንቱስ፡ ናፖሊ፡ ኣትለቲኮ ማድሪድን ቦሩሽያ ዶርትሙንድን ክስሕብ ክኢሉ።

ኣብ ዩናይትድ እንከሎ ብዓመጽ ጓል ኣንስተይቲ ተኸሲሱ ዝነበረ እዚ እንግሊዛዊ፡ ወላ'ኳ ድሒሩ ካብቲ ክሲ ናጻ እንተተባህለ፡ ኑቲ ክዕምብብ ጀሚሩ ዝነበረ ናይ ጸወታ ግዜኡ ግን ብኣሉታ ጸልዩዎ እዩ። ዩናይትድ፡ ዳግማይ ኣብ ጋንታኣ ቦታ ከምዘይብሉ ብምሕባራ ድማ፡ ናብ ገታፈ ብምቕናዕ ዳግማይ ብቕዓቱ ኣመስኪሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ማን ዩናይትድ፡ ዳግማይ ዕድል ከምዝይትህቦ ብቐዋሚ ክትሸጦ ትሰርሕ ከምዘላ ይግለጽ።

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ዲ ማርያ ምስ ሜሲ ክጽንበር እዩ

ቀጢር ኣብ ዘኣንገደቶ ዋንጫ ዓለም 2022 ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ኮይኑ ዋንጫ ዓለም ዘልዓለ ኣንገል ዲ ማሪያ፡ ኣብ ኢ ወዲ ሃገሩ ሊዮኔል ሜሲ ኮይኑ ንምጽዋት ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከምርሕ ምኳኑ መርበብ ሓበሬታ ጎል ንእሙናት ምንጮታት



ብምጥቃስ ኣቃሊሑ። ይኹንምበር፡ እቲ ተጻዋታይ ቅድሚ ኣብ ጋንታታት ኤም ኤል ኤስ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምጽንባሩ ኣብ ኣርጀንቲና ምስታ ቀዳመይቲ ናይ ኩዕሶ እግሪ ጋንታኡ ዝኾነት ሮሳርዮ ክጸወት ምኳኑ ተፈሊጡ ኣሎ። ዲ ማርያ ምስዛ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ዝተጻወተላ ኣርጀንቲናዊት ክለቡ ንሽድሽተ ወርሒ እዩ ክጸወት ተሰማሚዑ ዘሎ። ንሱ ኣዚ ውሳነ ዝወሰደ ዛ ጀማሪት ናይ ኩዕሶ እግሪ ሂወቱ ዝኾነት ጋንታ ውዕሊታ ንምምላስ ምኳኑ ተረጋጊጹ ኣሎ። ወዲ 36 ዓመት ኣንገል ዲ ማሪያ ምስ ፖርቱጓላዊት ክለብ ቤንፊካ ዝነበሮ ውዕል ዝመጽእ ክራማት ስለ ዝውድእ ብናጻ ማሰርሕ ምስጊጋር ተጻወትቲ'ዩ ናብታ ዘዐበየቶ ክለብ ሮሳርዮ ክጽንበር። ብመሰረት ኤ ቦላ ዝተባህለ ማዕከን ዜና ኣርጀንቲና ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ እዚ ናይ ቅድሚት ተጻዋታይ ምስ ክለብ ሮሳርዮ ሰንተር ሽዱሽተ ወርሒ ድሕሪ ምጽዋቱ ብቀጥታ ናብ ሶሚን ገጹ ብምኻድ ምስ ወዲ ሃገሩ ሊዮኔል ሜሲ ኮይኑ ክጻወት'ዩ። በዓልቲ ቤት ዲ ማሪያ ንደቁ ሒዛ ድሕሪ ሓደት ሰሙናት ናብ ክፍለ ሃገር ፍሎሪዳ ብምኻድ ናብራ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክትለማመድ ከም እትጀምር እቲ ማዕከን ዜና ብዝወሃቦ ኣፍሊጡ ኣሎ። ብመሰረት ዲ ማሪያ ገይርዎ ዘሎ መደብ ኣብ ወርሒ ጥሪ ናይ 2025 ምሉእ ብምሉእ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከይዱ ክጻወት'ዩ። ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ምስ ዲ ማሪያ ኮይኑ ብሉጽ ናይ ጸወታ ግዜ ዘሕለፈ ሊዮኔል ሜሲ፡ ምስ ክለቡ ኢንተር ማያሚ ክሳብ መወዳእታ 2025 ዝጸንሕ ውዕል'ዩ ዘለዎ። ንተወሳኺ 12 ኣዋርሕ ሓደሽ ውዕል ክፍርም ትጽቢት ከም ዘሎ ድማ'የም ምስቲ ተጻዋታይ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ዝሕብሩ። ሜሲ ዝመጽእ ወርሒ ሰ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ኮይኑ ዋንጫ ኮፓ ኣመሪካ ክወስድ'ዩ ዞማዕዱ ዘሎ።

## ሩኒ ብክእለት ተጻወትቲ ይዛረብ

ሓደ ካብ ብሉጻት ተጻወትቲ እንግሊዝ ምኳኑ ዝእመነሉ ዋያን ሩኒ፡ ምስኡ ካብ ዝተጻወቱ ተጻወትቲ ብዓቕምን ክእለትን ንፖርቱጋላዊ ክርስትያኖ ሮናልዶ ዝውዳደር ከም ዘየለ ተዛሪቡ። ሩኒ ምስ መደበር ተለቪዥን ስካይ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ብዛዕባ ብቕዓት ተጻወትቲ ኣብ ዝተሓተተሉ'ዩ ኣዚ መግለጺ ሂቡ። ንሮናልዶ ኣብ ቅድሚት ክሰርዕ ሲጋእ ዘይብሉ ሩኒ፡ ንኽእለት እንግሊዛውያን ኣከፋፈልቲ ፍራንክ ላምፓርድ፡ ስቲቨን ጀራርድን ፖል ስኮልስን ከውዳድር ኣብ ዝተሓተተሉ ግን ብዘይ ሰኽፍታ ንሓደ ተጻዋታይ ክጸውዕ ኣይከኣለን። ብዙሓት ተንተንቲ ኩዕሶ እግርን ተኸታተልትን ወትሩ ብዛዕባ እዞም ሰለስተ ተጻወትቲ ኣብ ዝሕተቱሉ፡ መልሲ ንምሃብ ክሸገሩ ከም ዝረኣዩ ይፍለጥ። እዚ ክትዕ ከኣ ንዊሕ ዓመታት መልሲ ከይረኸበ'ዩ ዝቖጸለ ዘሎ። ሩኒ ነዞም ሰለስተ ተጻወትቲ ዝተፈላለዩ ምኽንያም'ዩ ከብርህ ፈቲኑ። ይኹንምበር ካብ ሰለስቲኦም ንኹሉ ዞማልእ ተጻዋታይ መን'ዩ ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ ብዘይቀልዓለም "ስቴቨን ጀራርድ" ክብል'ዩ መሊሱ። ንሱ ሽቶ ኣብ ምምዛጉብ ካብ ሰለስቲኦም ፍራንክ ላምፓርድ ከም ዝሕይል ክሕብር ከሎ፡ ብቴክኒካዊ ብቕዓት ግን ምስ ስኮልስን ጀራርድን ከም ዘይውዳደር ኣፍሊጡ። ሩኒ ወዲ ጋንታኡ ንዝነበረ ፖል ስኮልስ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ዘድምዕ ተጻዋታይ ኢሉ'ዩ ዝገልጾ። ስኮልስ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ኣብ ቦታ ቁጽሪ 10 የድምዕ ከም ዝነበረ፡ ጸኒሑ ናብ ማስመር ምክፍፋል፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ እናተኸላኸለ ዘከፋፍል ተጻዋታይ ብምቕያር ብኣደማዕነት ከም ዝተጻወተ'ዩ ሩኒ ማስኪሩሉ። ከምዚ ዓይነት ክእለት ጀራርድን ላምፓርድን ከንጸብርቑ ከም ዘይክእሉ ድማ የረድአ። ጀራርድ ኣብ ማንቸስተር ዩናይትድ መጺኡ እቲ ስኮልስ ዝነበሮ ክጉብር ከም ዝኽእል ዝሓበረ ሩኒ፡ ስኮልስ ግን ናብ ሊቨርፑል ከይዱ እቲ ጀራርድ ዝነበሮ ክጉብር ከም ዘይክእል ኣፍሊጡ። ሩኒ ምስ'ዞም ሰለስተ ተጻወትቲ ኮይኑ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ብምውዳይ ስለ ዝተጻወተ'ዩ እቲ ዝሖ ርእይቶ ዜና ክስሕብ ክኢሉ ዘሎ። ንሱ ዋላ'ኳ ምስ ስኮልስ ኮይኑ ዝተፈላለዩ ዓወታት ክሓፍስ እንተኸኣለ፡ ኣብቲ ዝሖ ርእይቶ ግን ናብ ጀራርድ ገጹ ክዘንበል'ዩ ተረኢዩ። ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ዋያን ሩኒ፡ ዝመጽእ ወርሒ ኣብ ጀርመን ኣብ ዝእንገድ ዋንጫ ዓለም ኣብ ማዕከን ዜና ቢቢሲ ከም ተንታኒ ኮይኑ ከም ዝቖርብ ተፈሊጡ ኣሎ። ሩኒ ናብ መዘናት ምስልጣን ድሕሪ ምምላሱ ንክለብ ፕሊይማውዝ ክኣሊ ተሰማሚዑ ከም ዘሎ ይፍለጥ። እዚ ኣብ ክሊብት ሻምፕዮን ሺፕ ምስ ደርቢ ካውንቲ ኮይኑ ጸቡቕ ግዜ ዘሕለፈ ኣሰልጣኒ፡ ምስ'ዛ ሓዳሽ ክለቡ ንሰለስተ ዓመት ዝጸንሖ ውዕል'ዩ ፈሪሙ ዘሎ። ሩኒ ኣቐዲሙ ኣሰልጣኒ በርሚንግሃም ኮይኑ ኣብ ዝሰርሓሉ፡ ዕወት ኮይኑ ክወጽእ ከም ዘይክኣለ'ውን ኣይርሳዕን።



## ማርሻል ካብ ኦልድ ትራፎርድ ይፋኖ

ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣንቶኒ ማርሻል፡ ካብ ኦልድ ትራፎርድ ክወጽእ ምኳኑ ብወግዒ ኣፍሊጡ። ማርሻል ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ንትሸዓተ ዓመታት ድሕሪ ምጽዋቱ'ዩ ካብታ ጋንታ ክወጽእ ምኳኑ ዝሕብር ዘሎ። እቲ ተጻዋታይ ኣብ 2015 ካብ ሞናኮ ናብ ዩናይትድ ብ36 ሚልዮን ፓውንድ ክሰጋገር ከሎ "ዝኸበረ መንእሰይ ተጻዋታይ" ዝብል ክብሪ ከም ዝረኸበ ኣይርሳዕን። ይኹንምበር፡ ማልያ ማንቸስተር ዩናይትድ ወድዩ ከሎ ትጽቢት ዝተገበረሉን ዝፈሰሰሉ መጠን ገንዘብን ብሉጽ ናይ ጸወታ ግዜ ከሕልፍ ከም ዘይከኣለ ፈላጣት ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ይሕብሩ። ማርሻል ምስ ዩናይትድ ኣብ ዝጸንሓለን ትሸዓተ ዓመታት፡ ኣብ 317 ጸወታታት 90 ሸቶታት'ዩ ከመዝጉብ ክኢሉ። ማልያ ዩናይትድ ወድዩ ዝተጻወተላ ናይ መወዳእታ ግጥም ድማ ብ9 ታሕሳስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ጋንታኡ ኣብ ሜዳኣን ኣብ ቅድሚ ደገፍታን ብበርንማውዝ 3-0 ዝተሳዕረትሉ'ዩ ነይሩ። እዚ ወዲ 28 ዓመት ተጻዋታይ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ናይዚ ዓመት ናይ እግሪ



ሙብጣሕቲ ድሕሪ ምኪያዱ ናብ ልምምድ ተመሊሱ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ ሜዳ ናይ ምጽዋት ዕድል ግን ክረክብ ከም ዘይከኣለ ይፍለጥ። ዝመጽእ ክራማት ምስ ዩናይትድ ዘለዎ ውዕል ዝውድእ ማርቲያል፡ ትማሊ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርገሖ መልእኽቲ፡ "ማልያ እዛ ዓባይ ክለብ ወድየ ምጽዋተይ ክብሪ ይስመዓኒ። ንትሸዓተ ዓመታት ኣብ ኢ ተጻወትትን ደገፍትን እዛ ጋንታ ምንባረይ'ውን ተመሳሲሊ ስምዒት ኣሎኒ። ስለ ኩሉ ነገር ክብረት ይዛለይ። ደሓን ኩኑ" ክብል ስምዒት ዝተሓወሶ ዘረባ ተዛሪቡ። ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ወድዩ ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 2021 ዝተጻወተ ማርቲያል፡ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ኣብ ዝጸንሓሉ ግዜ ዋንጫ ካራብኣ ካፕ፡ ኤፍ ኤ ካፕን ዩሮፓ ሊግን ከም ዝዕተረ መዛግብቲ ሬድ ዴቪልስ የረድኣ። ብዙሓት ተጻወትቲ ዩናይትድ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ብምውጻእ ነቲ ተጻዋታይ ናይ ደሓን ኩን መልእኽቲ ደጺሑሉ ኣለዉ። ብሰኑይ ኣብ ናይ ትዊተር ጽሑፉ ካብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንግዚኡ ከም ዝእለ ዝሓበረ ኣጥቃዓይ ዩናይትድ ማርከስ ራሽፎርድ ከይተረፈ፡ ቃሉ ብምስባር "ብዙሕ ካብ ኣእምሮይ ዘይሃሰስ ዝኽርታት ኣሎኒ። ጽቡቕ ዕድል" ክብል ጽሒፉሉ ኣሎ። ወዲ 26 ዓመት ማርከስ ራሽፎርድ ካብታ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ትሳተፍ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ድሕሪ ምውጻኡ ብሰኑይ ምሸት "ኣካላውን ኣእምሯውን ዕረፍቲ ንምርካብ ካብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንዝተወሰነ ሰሙናት ተኣልየ ኣለኹ" ክብል ኣብ ናይ ውልቁ ናይ ትዊተር ሕሳብ ከም ዝጸሓፈ ይዝከር።

## ሓጸርቲ ዜናታት

• እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ንኣሰልጣኒኣ ኤሪክ ተን ሃግ ንምትካእ ምስ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ብራይተን ሮበርቶ ዲ ዘርቢ ከም ዝተዘራረበት ማዕከን ዜና ዘ ጋርዲያን ኣፍሊጡ። ይኹንምበር፡ ብዙሓት ማዕከናት ዜና ስፖርት፡ እታ ጋንታ ንተን ሃግ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ክተጽንሖ ምኳና እያን ዝገልጻ ዘለዋ።

• ኣሰልጣኒ ኢፕስዊች ኪራን ማክኬና ምስ ጋንትኡ ናይ ነዊሕ ዓመታት ውዕል ክፍርም ይቀራረብ ከም ዘሎ ተገሊጹ። እቲ ኣሰልጣኒ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ቸልስን ብራይተንን ጸውዒት ክቐርበሉ ከም ዝጸንሐ ይፍለጥ።

• ፈረንሳዊት ክለብ ፒኤስጂ ንብራዚላዊ ኣከፋፋሊ ኒውካስል ብሩኖ ጉማሬይስ ንምፍራም ምስ ማንቸስተር ሲቲን ኣርሰናልን ኣብ ውድድር ከም ዘኣተወት መርበብ ሓበሬታ ጎል ኣፍሊጡ። እዚ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ፡ 100 ሚልዮን ፓውንድ ዋጋ ተሰሊዑሉ ከም ዘሎ'የም ምንጮታት ዘረድኡ።

• ኣዳም ላላና ብናጻ ማሰርሕ ምስጊጋር ተጻወትቲ ናብ ናይ ቅድም ጋንታኡ ሳውዝሃምፕተን ክምለስ ይዛራረብ ከም ዘሎ ተሓቢሩ። እዚ ወዲ 36 ዓመት ተጻዋታይ፡ ምስ ብራይተን ዘለዎ ውዕል ዝመጽእ ወርሒ'ዩ ዘብቅዕ።

• ኤቨርተን ዋጋ ወዲ 21 ዓመት ኣከፋፋሊኣ ጃራድ ብራንትዋይት 80 ሚልዮን ምኳኑ ኣፍሊጣ። ነዚ ተጻዋታይ ንምውናን ሳዕልን ታሕትን ትብል ዘላ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ 60 ሚልዮን ፓውንድ ቀሪባ ከም ዘላ እያም እሙናት ምንጮታት ኦልድ ትራፎርድ ዝሕብሩ።

• ቸልሲ ንተኸላኻላይ ኒውካስል ቶሲን ኣዳራብዮ ንምፍራም ትቀራረብ ኣላ። እዚ ወዲ 25 ዓመት እንግሊዛዊ ተጻዋታይ፡ ምስ ኒውካስል ዘለዎ ውዕል ዝመጽእ ወርሒ'ዩ ዝውዳእ። ኒውካስል ብወገና ንወዲ 21 ዓመት ሓላዊ ልዳት ባርንሊ ጄምስ ትራፎርድ ንምፍራም ትሰርሕ ኣላ። ዋጋ ናይዚ ሓላዊ ልዳት ክሳብ 20 ሚልዮን ፓውንድ ክበጽሕ ከም ዝኽእል'ዩ ዝንገር። ሊቨርፑል'ውን ነዚ ሓላዊ ልዳት ዓይና ኣውዲቓትሉ ኣላ።

• ሌስተር ከም መተካእታ ኣሰልጣኒኣ ማረስካ፡ ንኣሰልጣኒ ዌስትብሮም ካርሎስ ኮርበራን ሓሲባ ትጸንዮ ከም ዘላ ተፈሊጡ።

• ኣሰልጣኒ ናፖሊ ከም ዝኾውን ተረጋጊጹ ዘሎ ኣንቶንዮ ኮንተ፡ ንወዲ 31 ዓመት ኣጥቃዓይ ቸልሲ ሮመሉ ሉካኩ ንምፍራም ይጽዕር ከም ዘሎ ተሓቢሩ። ኮንተ፡ ኣጥቃዓይ ናፖሊ ቪክተር ኦሲምህን ናብ ጋንታታት ፕሪመር ሊግ ምኻዱ ስለ ዘይተርፍ'ዩ ንሉካኩ ከም መተካእታ ሓሲብዎ ዘሎ።

• ኢጣልያዊት ክለብ ኤሲ ሚላን ንወዲ 25 ዓመት ብራዚላዊ ተኸላኻላይ ቶተንሃም ኤመርሰን ሮያል ትሓተተሉ ከም ዘላ መርበብ ሓበሬታ ደይሊ መይል ኣፍሊጡ።

• ሆላንዳዊ ኣከፋፋሊ ፒኤስጂ ዛቪ ሲሞንስ ምስ ባርሰሎና ክጽንበር ከም ዝደሊ ኣፍሊጡ። እዚ ወዲ 21 ዓመት ተጻዋታይ ካብ ሊፕዚግ፡ ባየር ሙኒኽ፡ ቸልሲ፡ ማንቸስተር ዩናይትድን ኒውካስልን እውን ጸውዒት ይመጽኦ ከም ዘሎ'ዩ ዝገለጸ።

• ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ባየር ሙኒኽን ሃገራዊት ጋንታ ጀርመንን ሃንስ ፍሊክ፡ ሎሚ ረቡዕ ኣሰልጣኒ ባርሰሎና ንምኳን ፈርማኡ ከንብር ትጽቢት ይግበረሉ ከም ዘሎ ፋብሪዝዮ ሮማኖ ኣፍሊጡ።



# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ፓፓው ኒው ጊኒ- ብሓደጋ ምህማም መሬት 2000 ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ



ኣብ ፓፓው ኒው ጊኒ፡ ሓደጋ ምህማም መሬት ድሕሪ ምኽሰቱ - ብውሑዱ 2000 ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ከምዝሎ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

እዚም ብዘውጽእዎ እንክለው፡ ብፍርሰራስ ናይ ህንጻታት ከምኡ'ውን ብኻልኦት ዝንገሩ ዘሎ ግዱያት፡ ሃጊት ደሃዮም ከምዝይተረኽበ እዩ ተሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፉ መዓልታት ልዕሊ 640 ሰባት በቲ ሓደጋ ከምዝሞቱ እኳ ክቃላሕ እንተጸንሐ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን - እቲ ኣሃዝ ብዘዓጸጻፊ ቁጽሪ ይወሰኽ ከምዝሎ ተገሊጹ።

በቲ ዝተኸሰተ ከቢድ ሓደጋ - ብዙሓት ኣባይቲ ብምፍራሶምን ክሳብ 10 ሜትሮ ቁመት ንታሕቲ ጉናጉዲ ስለዝተፈጥረን፡ ጸርግያታት ተዓጊቶም - ሰራሕተኛታት ሲቪላዊ ድሕነት ስርሖም ብግቡእ ከየሰላስሉ ዕንቅፋት ኮይኑዎም ከምዝሎ ኣረዲኦም።

ስለ'ዚ ደማ - እቶም ግዳያት ቅልጡፍ ሓገዝ ክረኽቡ ከምዝይክኣሉ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ነበርቲ እቲ ከባቢ፡ ኣፍራዛን ባዴላን እናተጠቀሙ ደሃይ ናይ'ቶም ዝጠፍኡ ሰባት ንምርካብ እኳ ኣብ ከቢድ ስራሕ እንተ ሃለው፡ ፍርስራስ ናይ'ቲ ህንጻታት ዓቢ ብደሆ ኮይኑዎም ምህላዉ ሓቢሮም። እቲ መስርሕ እምበኣር፡ ብዓበይቲ ማሽነሪታት ጥራይ ክዕየ ከምዝኽእል ተቓሊሑ።

እቲ ባህርያዊ ሓደጋ ሰፊሕ ናይ ሕርሻ መሬት እውን ከምዝዓለወ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ኣብ ቁጠባ ናይ'ታ ሃገር ሰፊ ዝይብል ክሳራ ኣውሪዱ ከምዝሎ ኣገንዚቦም።

እዚ ሕጂ ኣብ ፓፓው ኒው ጊኒ ኣጋጢሙ ዘሎ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብ ታሪኽ እታ ሃገር ካብ ዝተኸስቱ ተመሳሰልቲ ተርእዮታት - እቲ ዝኸፍአ ዕንወት ዘውረደ ምኳኑ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ኣስታት 10 ሚልዮን ነበርቲ ዘለዉዋ ፓፓው ኒው ጊኒ፡ ልዕሊ 40 ሚእታዊት ካብ ህዝባ ኣብ ትሕቲ መስመር ድኽነት ከምዝነብር፡ እቶም ጸብጻባት ብተወሳኺ የረድኡ።

## ኣመሪካ - ህቦብላዊ ንፋስ ሰባዊን ንዋታውን ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ደብባዊን ማእከላይን ሸነኽ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብዝተኸሰተ ብርቱዕ ህቦብላዊ ንፋስ - ብውሑዱ 21 ሰባት ክሞቱ እንክለው፡ ከቢድ ንዋታውን ኣከባብውን ዕንወት ወሪዱ።

እዚ ኣብ ክፍላተ-ሃገራት ቴክሳስ፡ ኬንታኪ፡ ኦክላሆማ፡ ኣርካንሳስ ዝተኸሰተ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብ ተቐማጦ ከቢድ ራዕዲ ከምዝፈጠረ ዝሓበሩ ኣመሓደርቲ እተን ክፍላተ-ሃገር፡ ኣብ ኬንታኪ ልዕሊ 100 ዓበይቲ ጸርግያታት ምሉእ ብምሉእ ከምዝዓጸዉ ገሊጾም።



ብሰንኪ'ቲ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ኣመሪካ ተኸሲቱ ዘሎ ህቦብላዊ ንፋስ፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣባይቲ ብዘይ ቀረብ ሓይሊ ኤሌትሪክ ከምዝተረፉ እውን ተፈሊጡ።

እዚ ሕጂ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ኮይኑ ዘሎ መስመራት ኤሌክትሪክ ንኽዕሪ - መዓልታት ክወስደሉ ከምዝኽእል ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ክፍለ-ሃገር ኬንታኪ፡ ኣብ ነበርቲ ከቢድ ማሕበራ-ቁጠባዊ ቅልውላው ከስዕብ ምኳኑ ኣጠንቂቑ።

እቲ ህቦብላዊ ንፋስ፡ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ መዓልታት እውን - ኣብ ከተማ ኒው-ዮርክን ካልኦትን ብዝኸፍአ መልክዑ ክቕጽል ከምዝኽእል ዝኣመቱ ክኢላታት ኣከባቢ፡ ዜጋታት ጥንቃቐታቶም ክሕዩሉ መኸሪም ኣለው።

እቲ ሓደጋ፡ ናብ ምብራቓዊ ገማግም እታ ሃገር እንተደኣ ኣምሪሑ፡ ብውሑዱ 30 ሚልዮን ሰባት ብኣሉታ ክጽለዉ ከምዝኽእሉ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ዝሓለፈት ወርሒ ሚያዝያ፡ ኣብ ታሪኽ ኣመሪካ - እታ ካልኣይቲ ብርቱዕ ህቦብላዊ ንፋስ ዝተመዝገበላ ወርሒ ከምዝነበረት፡ እቶም ጸብጻባት ብተወሳኺ ሓቢሮም።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ህንዲን ጣንግላደሽን እውን ብዝተኸሰተ ብርቱዕ ህቦብላዊ ንፋስ፡ ብውሑዱ 16 ሰባት ከምዝሞቱ ይሕበር ኣሎ።

## ናይጀርያ - ዕጡቓት 7 ሰባት ቀቲሎም ልዕሊ 150 ጨውዮም

ኣብ ምብራቓዊ ናይጀርያ፡ ዕጡቓት - 7 ሰባት ቀቲሎም ልዕሊ 150 ሰላማውያን ሰባት ከምዝጨወዩ ተገሊጹ።


እዚም ኣብ መንበሪ ኣባይቲ እናኣተዉ ሰላማውያን ሰባት ዝቐተሉን ዝጨወዩን ዕጡቓት፡ ሃጊት ነቶም ዝጨወይዎም ሰባት ናበይ ከምዝወሰድዎም ከምዝይተፈልጠ እዮም ሰብመዚ እታ ሃገር ዝሕብሩ።

ኣብ ናይጀርያ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ጉጅለታት፡ መብዝሕትኡ ግዜ ንዝጨወይዎም ሰባት ናጻ ንምልቃቕ፡ መባድልቲ ከምዝሓቱ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ናይጀርያ፡ ኒጀር፡ ጫድን ካሜሩንን ኣብ ርእሲ'ቲ በብወገን ኣንጻር ሽበራውያን ዘካይድኦ ስርሒታት፡ ካብ 2015 ኣትሒዘን - ኣንጻር ሽበራውያን ሓባራዊ ወተሃደራዊ ወፍርታት ከካይዳ ምጽንሐን ይግለጽ።

እንተኾነ፡ ኣብዘን ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ብፍላይ - ኣብተን ሃገራት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰላማውያን ሰባት ብዕጡቓት ከምእተጨወዩ ጸብጻባት ይገልጹ።

ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ ንዝርአ ሽበራዊ ምንቅስቓሳት ንምግታእ ተባሂሉ ዝግበር ግዱማዊ ምትእትታዋት፡ ዝኸፍአ ዝጥቀስ ኣበርክቶ ክገብር ከምዝይጸንሐ እዩም እቶም ጸብጻባት ብተወሳኺ ዝሕብሩ።



## ኣርጀንቲና - ብውሑዱ ፍርቂ ሚልዮን ሰባት ብሕማም 'ረስኒ ደንግ' ተለኺፎም

ኣብ ኣርጀንቲና ኣብ ዝሓለፉ 5 ኣዋርሕ፡ ብመንክስቲ ጣንጡ ብዝመሓላለፍ ሕማም 'ረስኒ ደንግ'፡ ብውሑዱ ፍርቂ ሚልዮን ሰባት ከምእተለኽፉ ተሓቢሩ።

እዚ ተመዝጊቡ ዘሎ ኣሃዝ፡ ምስ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ፡ ብልዕሊ 3 ዕጽፊ ከምዝዓበየ ተገሊጹ።

በዚ ኣብ 19 ዞባታት ኣርጀንቲና ተኸሲቱ ዘሎ ተላባዒ ሕማም፡ ብውሑዱ 343 ሰባት ከምዝሞቱ ዝሓበሩ ጸብጻባት፡ እቲ ለበዳዊ ሕማም ቅልጡፍ መፍትሒ እንተደኣ ዘይተገይረሉ፡ ሂወት ኣሽሓት ሰባት ክቐዝፍ ከምዝኽእል እዮም ሓቲዮም ዘጠንቀቑ።



ሕማም 'ደንግ' ብተወሳኺ፡ ከም'ቶም ብመንክስቲ ጣንጡ ዝመሓላለፉ ከም ቺኩንጉንያን ዓሶን ዝኣመሰሉ ሕማማት - ቅልጡፍ ናይ ምልባዕ ባህሪ ከምዘለዎ ዝጠቐሱ ክኢላታት፡ በቲ ሕማም ዝተለኸፉ ሰባት በይኖም ክፍለዩ ኣገዳሲ ምኳኑ ኣገንዚቦም።

ቀንዲ ምልክታት ናይ'ቲ ሕማም፡ ውጽኣት፡ ረስኒ፡ ተምላስ፡ ሕማም ርእሲን ቅርጸትን ምኳኑ ብምሕባር ከኣ፡ እዘን ምልክታት እዚኣተን ዝርአዩ ሰባት - ብቕልጡፍ ጥቓኦም ናብ ዝርከብ ሕክምና ክኸዱ ተላቢዮም።

## ሰሜን ኮርያ፡ ናይ ስለያ ሳተላይታ ከምዘይተዓወተት ኣፍሊጣ



ሰሜን ኮርያ፡ ትማሊ ሰሉስ ዝወንጨፈታ ናይ ስለያ ሳተላይት ከምዘይተዓወተት ብወግዒ ኣፍሊጣ።

እዛ ሓዳሽ ኣብ ስለያ እትዋጥፍ ሳተላይት፡ ኣብ ጉዕዞ እንክላ ሃንደበት ከምእተባርዐት ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ጠንቁ ንምፍላጥ መርመራታት ይካየድ ከምዝሎ ገሊጾም።

ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር - 'ዕወት-ቲ' ዝበሃላ ናይ ስለያ ሳተላይት ናብ ጠፈር ከምዝወንጨፈት ዝዘከር ኮይኑ፡ ሕጂ'ውን ነቲ ዘይተዓወተ ፈተነ ዳግማይ ከምእተካይዶ እያ ትሕብር ዘላ።

መንግስቲ ሰሜን ኮርያ፡ እተን ዝለኣኻ ዘለዋ ናይ ስለያ ሳተላይታት፡ ኣብ ምውሓስ ሰላምን ርግኣትን እታ ሃገር ዓቢ ተራ ከምዝህልወን እዩ ዝገልጽ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ | 29/05/24 | ጎደንና ዓዲ ሓወሻ 175 ቁ.ገዛ 58 ከባቢ ፖስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ | 200141 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565